# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.182 ሰሉስ 1 ሚያዝያ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3 እስራኤል፡ ሓማስ ዕጥቁ ክፈትሕ ጸዊዓ


ገጽ 4 ምትካኽ ሽጋራ ኣብ ምግዳፍ ዘገልግሉ ሜላታት


ገጽ 5 ጽዋ ገድሊ



ገጽ 8 ንሕማም ሽኮርያ ሽኮር!


ገጽ 11 ደሃይ ተቐዳደምትና



## ዒድ ኣልፈጥር ኣልሙባረክ፡ ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተባዒሉ

ዒድ ኣልፈጥር ኣልሙባረክ ናይ 1446 ሀጅርያ፡ ብ30 መጋቢት 2025 ኣብ መላእ ሃገር ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተባዒሉ።

ኣብ ኣስመራ፡ ኣሽሓት ኣመንቲ ብዝሳተፍዎ ከብዮ መሳጊደን ጀዋምዕን ተኸቢሮ እናገበሩ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ድሕሪ ምትእኽኻቦም፡ ብሙፍቲ ኤርትራን ኣቦመንበር ላዕለዋይ ባይቶ ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን ክቡር መውላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር እናተመርሑ፡ ሓባራዊ ሶላት ዒድ ኣብጺሖም።

ኣብ'ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማስያዊ ኣካላት ዝተረኽብሉ፡ ብኤራ-ቲቪን ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ብቐጥታ ዝተፈነወ ስነ-ስርዓት፡ መውላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም፡ ንትርጉምን ግቡኣትን ጾም ሮሞዳንን ዒድ ኣልፈጥርን፡ መንፈሳውን ስጋውን ረብሓታት ጾም፡ ከምኡ'ውን ንሕብረተሰብ ማሕበራውን ትርጉም ዒድን ዘኩትን ዝምልከት ሰፊሕ መግለጺ ሂቦም።

እዚ ዕለትዚ፡ ዕለት ፍቕሪ፡ ሓልዮት፡ ርህራሄን ሰብኣውነትን ብምዃኑ፡ ኣብ ክብሪታትናን እምነትናን ክንጸንዕ ዘዘኻኸሩ መውላና ሼኽ ሳልም፡ ዝኸኣሉ ዝኾኑ ሰብኡትን ምርዳእ፣ ንጽጉማት ምሕጋዝ፣ ንሕሙማትን ሕሙማትን ምጽንናዕ ግቡእ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብዙሓት ደም ዘይትነብሩ ህይወት ምድሓን'ውን ክንገብሮ ዝግባእ ሰናይ ተግባር ስለዝኾነ፡ መደብ ልግሲ ደም ንምዕዋት ኣመንቲ ኣብርክቶኦም ከዕዝዙ ተላብዮም።

መፍቲ ኤርትራን ኣቦመንበር ላዕለዋይ ባይቶ ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን ክቡር መውላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ኣብ መወዳእታ፡ ንሓድነትና ከም ብሌን ዓይንና ክንሕልዎ ብምዝኽኻር፡ ንሃገርና ሰላምን ብልጽግናን፣ ንዛናን ዓለምን ደማ ርግኣት ተመንዮም።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ኣብ ሃገርና ኣብ መንጎ ህዝብና ዝዘሎ ዒድ ፍሉይ መቐረትን ትርጉምን ከምዘለዎ ብምግላጽ፡ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሰናይ ምጽኡቶም ገሊጾም።

ዒድ ኣልፈጥር ኣልሙባረክ፡ ኣብ ካልኦት ከተማታት፡ ሓወሲ ከተማታትን ገጠራትን ኤርትራ'ውን ብዝተመሳሰለ ኣገባብ ተባዒሉ።



ስእሊ-ኣብርሃም በየነ



## ኣባላት መበል 37 ዙርያ ሃ/ኣገልግሎት፡ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ስልጠና ጀሚሮም

ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ብ24 መጋቢት ዝዛዘሙ ኣባላት መበል 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ትማሊ 31 መጋቢት ወተሃደራውን ፖለቲካውን ስልጠና ጀሚሮም።

ኣብ'ቲ ወግዓዊ ስነ-ስርዓት፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደበሳይ ግደ፡ ንወሸጣዊ ሕጋጋትን መምርሒታትን ናይ'ቲ ማእከል ብዝርዝር ድሕሪ ምብራሁ፡ ኣጥርየሞ ብዘለዉ ልዑል ደስነፕሊንን ቁመናን፡ ብዓወት ከምዝዛዘምዎ ዝለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

ሳዋ፡ መንእሰያት ሃገራዊ ክብርታት ብምስራጽን ኑብሱ-ተኣማንነት ብምውናንን ዝበረኸ ሓላፍነት ዝስከሙላ መድረኽ ምትእኽኻእ ወለዶታት ኤርትራ ምዃና ብምሕባር ደሚ፡ ተራፍምም ንዘለዎ ዕማም ብሓጎን ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝን ዛዚሞም ናብ ዝቕጽል ምዕራፍ ህይወት ክሰግሩ ኣዘኻኺሩ።

እቲ ስልጠና፡ ክልሱ-ሓሳባዊ ምርኢትን ግብራዊ ልምምድን ዝጠመረ ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ኮሎኔል ደበሳይ፡ ኣለይቲ - ናይ ወለድን መምህራንን ጾር ተሰኪሞም ዘርኢዮዎ ሞያን ጥበብን ዝተሓወሶ ብቕዓት ዘይዳ ክድነቕ ዝግብኦ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ከም ወትሩ ፍናኖም ኣበርኺቶም ዕማሞም ክሰላስሉ ተላቢዮም።

ሰልጠንቲ ኣባላት መበል 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ንዝተገልጸሎም መምርሕን ሕጋጋትን ብዝግባእ ከምእተረድኡዎ ብምሕባር፡ ብዓወት ንምዝዛም ብምሉእ ዓቕሞም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደበሳይ ግደ ኣብ መወዳእታ፡ ምኽሰባስን ምምእዛንን መንእሰያት ሓላፍነት ናይ ኩሉ ዜጋ ምዃኑ ብምሕባር፡ መንእሰያት ንዘሐለፉ ታሪኾምን ባህሎምን ብምፍላጥን ብምዕቃብን፡ ሃገራዊ ዕላማት ንምምዝጋብ ኣበርቲዖም ክሰርሑን ዜግነታዊ ተልእኾኦም ክፍጽሙን ተማሕጺኑ።



ስእሊ-ሙሴ ኪዳነ

## ኣብ ማእከል ደንካልያ፡ ምስራሕ መጠነ ንኡስ ዲጋ ይቕጽል

ኣብ ራሞዳ - ንኡስ ዞባ ማእከል ደንካልያ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ህንጻት መጠነ ንኡስ ዲጋ ብጽቡቕ ይሰላሰል ከምዘሎ፡ ነቲ ስራሕ ዝከታተል ዘሎ ኢንጅነር መርሃዊ ኢሳቕ ሓቢሩ።

እዛ ብምውህሃድ ህዝብን ህዝባዊ ሰራዊትን ትስራሕ ዘላ ዲጋ፡ መስርሕ ህንጸታ 40 ሚእታዊት በጺሑ ከምዘሎ ዝጠቐሰ ኢንጅነር መርሃዊ፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ሓምለ ምስ ተዛዘመት 280 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ክትሕዝ ትጽቢት ከምዝግበር ኣብሪሁ።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣደም ዓብደላ ብወገኑ፡ እታ ዲጋ ንዓድታት ኪሚራ፡ ዱድ፡ ዓሳቡ፡ ሓሬማን ራሞዳን ንሰብን ጥሪትን ክተገልግል ምዃና ገሊጹ።

ግዝያዊ ሓላፊ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኢንጅነር ዑመር ማሕሙድ ብወገኑ፡ እታ ዲጋ ትሰርሓሉ ዘላ ከባቢ፡ ብንኡስ ዓቕሚ ሕርሻዊ ንጥፈት ዝካየደሉ ብምዃኑ፡ ኣብ ምስፍሑ እጃማ ከምዝህልዋ ኣረዲኡ።

ዜና

# ደቡብ - ንመንእሰያት፡ ስልጠና ምሕደራን መሪሕነትን ተዋሂቡ


ስእሊ. ፍሊሞን ቅብሮ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ምሕያል ውዳበታት መንእሰያት ንዘተኮረ፡ ካብ 22 ክሳብ 26 መጋቢት ኣብ መንደፈራ ስልጠና ምሕደራን መሪሕነትን ተዋሂቡ።


ኣብ'ቲ ስልጠና ዝተሳተፉ 75 መንእሰያት፡ ንዝተዋህቦም ትምህርቲ ብመልክዕ ሓብራዊ ዘተ ከም ዝተኸታተልዎ ተሓቢሩ።

መዕቀኒ ብቑዕ ውዳበ፡ ኣብ እትኽተሎ ኣሰራርሓን ኣገባብ ምሕደራን ውሕልነት ኣመራርሓን ከም ዝምርኮስ ዝጠቐሱ ኣሰልጠንቲ፡ ብግዜን ወጽኢትን ዝለካዕ ትግባረ መደባት ንምስልሳል፡ ብፍልጠት ዝተሰነየ ሜላታት ምዝውታር ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ኣብሪሆም።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ጉብሩ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና መቐጸልታ ናይ'ቲ ንመንእሰያት ሞያን ፍልጠትን ንምዕጣቕ ዝቕየድ ዘሎ ዕማማት ምኻኑ ጠቒሱ፡ ሰልጠንቲ፡ ኣብ ዝተዋፈሩሉ ናይ ውዳበ ስራሓት፡ ንቕሓትን ብቕዓትን መንእሰያት ኣብ ምብራኽ፡ ከም ኡ'ውን ተወዳዳርነቶም ንምሕያል ብትግሃት ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ጸሓፊት ህግደፍ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ኣሙት ንጉሴ፡ ኣብ ንቕሓት ዝተመርኮሰ ሓያል ውዳበ ቀንዲ ዕጥቂ መንእሰያት ክኸውን ከም ዘይግባእ ብምዝኻኻር፡ መንእሰያት ምስ መድረኽ ዝኸይድ ፍልጠትን ውዳበን ክድልቡ ተላብዩ።

# ኣብ ኣስመራ፡ "ዘይተነግረ ገድሊ'' ዘርእስታ መጽሓፍ ተመረቐ




ስእሊ. የውሃንስ መብራህቱ

ኣሕተምቲ ሕድሪ ምስ ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ ክፍሊ. ማሕበራዊ ጉዳይ ህዝባዊ ግንባር ብምትሕብባር ዘዳለዎ "ዘይተነግረ ገድሊ." ዘርእስታ 557 ገጻት ዝሓዘት መጽሓፍ፡ ብ28 መጋቢት ኣብ ኣስመራ - ሲነማ ሮማ ተመረቐ።

ኣብ'ቲ ስነሰርዓት፡ ንማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ ወኪሉ ቃል ዘስመዐ ኣቶ የማነ ዳዊት፡ እታ ከም ሓሳብ ካብ እትብገስ 10 ዓመታት ዘቑጸረት መጽሓፍ፡ ንረእይ ህዝባዊ ግንባር ከም ኡ'ውን ንብረታዊ ቃልሰና ናብ ዓወት ዘበጽሐ ኣውዳደባ ኣገላልጻ ዘርኢ. ትሕዝቶ ብሰፊሑ ኣቕሪባ ከም ዘላ ገሊጹ።

ካብ ኣሕተምቲ ሕድሪ ኣቶ ኤፍሬም ሃብተጼን ብወገኑ፡ ኣብ 2013 ኣብ ዝኸበረ 25 ዓመት ምድምሳስ እዚ. ናደውን ምሕራር ከተማ ኣፍዓበትን ብንኡስ ዓቕሚ. ዝተጀመረ ሕትመት ዛንታታት ተመክሮ ገድሊ፡ ኣብ'ዚ. እዋን'ዚ. መበል 11 ቅጺ. ከም ዝበጽሐ ሓቢሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ዋና ዳይረክተር ክፍሊ. ጋዜጣ ኣቶ ሰለሙን በርሀ ድማ፡ ኑዩም ንዝተሓለፈ. ሂወት ገድልን ዝተቐስመ ተመክሮን ብምስናድ ናብ ወለዶታት ንምስግጋር ኣበርታዊ ተበግሶ ዝወሰዱ ኣብ ወሻጥን ወጻኢን ዝርከቡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ፡ የዓና ድሕሪ ምባል፡ እታ መጽሓፍ ሒዛቶ ዘላ ትሕዝቶ፡ ዘይተበርበረ ኣካል ቃልስና ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ሞጒሱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ፍሉይ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ናይ ምስጋና ወረቐት ተዓዲሉ።

# ሰልዓ - ተኸእሎ መስኖኣዊ ሕርሻ ንምልላይ ተበግሶ ክውሰድ ጻውዒት ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ንኡስ ዞባ ሰልዓ፡ ኣብ ጥሞዮም ሩባታት ዓንሰባን ዛራን ዘሎ ተኽእሎታት መስኖኣዊ ሕርሻ ኣደንፊዓ ኣብ ረብሓ ሕብረተሰብ ንምውዓል፡ ሞያውያን ሕርሻ ማእከል ዝገበረ ተበግሶ ክውሰድ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ኣብበከር መሓመድ-ኣደም ጸዊዑ።

ንኤሪና ኣብ ዝሓለ ሓብሬታ፡ እቲ ንኡስ ዞባ ዓመታዊ ትሑት መጠን ዝናብ ካብ ዘመዝግቡ ከባቢታት ብምዃኑ፡ ዝቕየድ ንጥፈታት ሕርሻ ኣዝዩ ወሰኑን ከም ዝኾነ ዝጠቐሰ ኣቶ ኣብበከር፡ ኣብ ጥሞዮም ሩባታት ዓንሰባ፡ ዛራን ሰልዓን ብዝተገበረ ኣፈናዊ ዳህሳስ፡ ልዕሊ. 280 ሄክታር ብመስኖ ክለምዕ ዝኽእል መሬትን ሃብታም ትሕተ-ባይታዊ ማይን ከም ዘሎ ስለዝተረጋገጸ፡ ብድሩት ዓቕምን ቁጽርን ተበጊሱ ዘሎ ልምዓት ጀራዲን ንምምዕባል ርሒብ ዕድል ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

ጽላት ሕርሻ ንምድንፋዕ ዝሕግዝ ኣገባብ ንምትእትታው፡ ቤት-ትምህርቲ ሓረስቶት ይጀማመር ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ሰፋሓት ክረምታዊ ሕርሻ ናብ 400 ሄክታር ንምዕባይ፡ ከም ኡ'ውን ኣብ ጥሞዮም ሩባ ዛራ ብውሑዳት ሓረስቶት ዝጋበር ዘሎ ፈተነ መስኖኣዊ ሕርሻ ንምድንፋዕ ዝተታሕዘ መደብ ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ፡ ክፍሊ. ሕርሻን መሬትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ቁልሕታ ክገብረሉ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ. ኣብ ጥሞዮም ሩባ ዛራ ተፈቲኑ ንዝበረ. መስኖኣዊ ልምዓት ብምጥቃስ፡ ነቲ ድሕሪ ናጽነት ብሰንኪ. ድሩትነት ኣፍልጦን ሞያዊ ደገፍን ዘይሰጎመ መደባት ንምድንፋዕ፡ ሞያውያን ሕርሻ ኣበርክቶኦም ክዕዘዙ ኣዘኻኺሮም።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ.
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ.
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284

# ዜና ጎደቦ

ሽዊት ተኽለ

## እስራኤል፡ ሓማስ ዕጥቁ ክፈትሕ ጸዊዓ



መንግስቲ እስራኤል፡ ምንቅስቓስ ሓማስ ዕጥቁ ኣውሪዱ ካብ ወሽመጥ ቓዛ ምስ ዝወጽእ፡ ኣብ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ክበጽሕ ድሉው ምዃኑ ገሊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር በንያሚን ናታንያሁ ንካቢነ ሚኒስተራት ሃገሩ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ጸቕጢ ወጽኢታዊ ምዃኑ ብምሕባር፡ እቲ ጉጅለ ዕጥቁ ከውርድን መራሕቱ ካብቲ ወሽመጥ ክወጽኡን ጸዊዑ።

ብዘይካ'ዚ፡ እስራኤል ጅሆታት ንምፍታሕ ምቹእ ባይታ ክሳብ ዝፍጠር፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ ደብዳብ ክሕይል፡ መንግስቲ ብምሉእ ድምጺ ከምዝወሰኑ፡ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ብዘወሃኸ ሓቢሩ።

መንግስቲ እስራኤል ነዚ ዝገለጸ፡ ግብጺን ቀጠርን ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዝቐጸለ ዘሎ ደብዳብ ደው ንምባልን እስራኤላውያን ጅሆታት ንምፍታሕን ጻዕሪታት ኣብ ዘካይዱሉ ዘለዋ እዋን እዩ።

ምንቅስቓስ ሓማስ፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተኹሲ ደው ንምባል ካብ ግብጺን ቀጠርን ንዝቐረበ ሓድሽ እማመ ከምእተቐበሎ ክገልጽ እንከሎ፡ መንግስቲ እስራኤል ግና ምስ ኣመሪካ ተዘራሪቡ መልሲ ከምዝህበሉ ኣፍሊጡ ኣሎ።

እቲ እማመ፡ ጅሆ ተታሒዞም ካብ ዘለዉ እስራኤላውያን ሓሙሽተ ክፍትሐሉን ን50 መዓልታት ዝጸንሐ ምቁራጽ ተኹሲ ክቕጽልን ዝጠልብ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እስራኤል፡ ነበርቲ ደቡባዊ ክፋል ከተማ ራፋሕ - ቓዛ ዝኾኑ ፍልስጤማውያን ካብ'ቲ ከባቢ ክወጽኡ ትእዛዝ ኣመሓላሊፋ ኣላ።

ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ፡ እስራኤል እቲ ምስ ሓማስ ተበጺሑ ዝነበረ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ድሕሪ ምፍራሱ፡ ኣንጻር እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ብኣየርን ምድርን መጥቃዕትታት ዳግማይ ከምዝጀመረት ዝዝከር እዩ።

## ኡጋንዳ፡ ስምምዕ ምጽራይ ነዳዲ ከቲማ

ኡጋንዳ ምስ ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ዝመደበሩ 'ኣልፋ ኤም.ቢ.ኤም ኢንቨስትመንትስ' ዝተባህለ ትካል፡ መጻረዩ ነዳዲ ናይ ምምዕባል ስምምዕ ከምዝኸተመት፡ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት የዌሪ ሙሰቨኒ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ሓቢሩ።

እቲ ናይ ኢማራት ትካል 60%፡ እቲ ብመንግስቲ ዝመሓደር ሃገራዊ ኩባንያ ነዳዲ ኡጋንዳ ድማ ነቲ ዝተረፈ 40 ሚእታዊት ብጽሒት ናይ'ቲ ኣብ ኣውራጃ ካባሌ ዝርከብ ትካል ክወስድ ምዃኑ፡ እቲ መግለጺ ወሲኹ የመልክት።

ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ሚኒስተር ጸዓት ኡጋንዳ፡ ሃገሩ ምስ ኣልፋ ኤም.ቢ.ኤም ኢንቨስትመንትስ ናይ 4 ቢልዮን ዶላር ዝግመት መጻረዩ ነዳዲ ንምምዕባል ኣብ ዝርርብ ከምዝላ ገሊጹ ነይሩ።

እቲ ኣብ ኢማራት ዓረብ ዝመደበሩ ናይ ወፍሪ ትካል፡ ብኣባል ንጉሳዊ ስድራ-ቤት ዱባይ ዝኾነ ሸኽ መሓመድ ቢን ማክቱም ዝምራሕ ምዃኑ ይሕበር።

ኣብ መንጎ መንግስቲ ኡጋንዳን ኣልፋ ኤም.ቢ.ኤም ኢንቨስትመንትን ኣብ ኣገደስቲ ንግዳዊ ውዕላት ዝግበር ዘተ ብ16 ጥሪ ከምዝጀመረን፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ክዛዘም ትጽቢት ከምዝነበረን፡ ሚኒስተር ጸዓትን ማዕድንን ሩት ናንክብርዋ ገሊጻ።

እዚ ኣብ መዓልቲ 60 ሽሕ በርሚል ዝተጻረየ ነዳዲ ዘፍሪ ትካል፡ እምኡ ኩርናዕ ናይ'ቲ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ኢንዱስትሪ ሃይድሮካርቦን ኡጋንዳ ኮይኑ ኣብ ስትራተጂ ጸዓት እታ ሃገር ዓቢ ተራ ከምዝለዎ ይግለጽ።



## ሶርያ - መሰጋገሪ መንግስቲ ቆይሙ

ፕረዚደንት ሶርያ ነበር ባሻር ኣል-ኣሳድ ካብ ስልጣን ካብ ዝኣለ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣቑጺሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ 23 ኣባላት ዝሓቘፈ ሓድሽ ካቢነ ሚኒስተራት መሰጋገሪ መንግስቲ እታ ሃገር ንምቛም ቃለ-ማሕላ ከምዝፈጸመ ተሓቢሩ።

እቲ ካብ ዝተፈላለየ ሃይማኖታትን ብሄራትን ዝተወከሉ 23 ኣባላት ዝሓቘፈ ካቢነ ሚኒስተራት፡ ነቲ ባሻር ኣል-ኣሳድ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ካብ ስልጣን ምስተኣልየ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ንዝተመስረተ ግዚያዊ መንግስቲ ክትክእ እዩ።



ብመሰረት እቲ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ ብግዚያዊ ፕረዚደንት ኣሕመድ ኣል-ሻራ ዝተኸተመ ግዚያዊ ቅዋም፡ እቲ መሰጋገሪ መንግስቲ፡ ዋና ጸሓፊ ደኣ'ምበር ቀዳማይ ሚኒስተር ኣይክህልዎን እዩ።

እቲ ቅድሚ ዒድ ኣል-ፈጥር ዝተኣወጀ መሰጋገሪ መንግስቲ፡ ብዘይካ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢን ምክልኻልን ኩሎም ዝተረፉ ኣባላቱ ሓደስቲ እዮም።

ኣል-ሻራ ንኣድላይነት ምቛም መንግስቲ ኣብ ዘቃልሐሉ መድረኽ፡ "ሎሚ ምምስራት ሓድሽ መንግስቲ እዩ፣ ምዕባለ ሃገር ንምህናጽ ሓባራዊ ድሌትና ዝገልጽ ኣዋጅ'ዩ" ኢሉ።

ሚኒስተር ምክልኻል መርሃፍ ኣቡ-ቃስራ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ደረጃኡ ዝሓለወ ካብ ህዝብን ንህዝብን ዝኾነ ሞያዊ ሰራዊት ክሃንጽ ምዃኑ ቃል ኣትዩ።

ቀንዲ ተልእኾ ናይ'ዚ ሓድሽ መሰጋገሪ መንግስቲ፡ ነቲ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ ኣብ ገምገም ባሕሪ'ታ ሃገር ኣብ ልዕሊ 'ዓለዋይት' ዝተባህሉ ዓሌት ዝተፈጸመ ናይ ሕቶምፍዳይ ግፍዒት ንምርግጋጽን ነባሪ ፍታሕ ንምምጻእን ዝዓለመ እዩ።

## ሊባኖስ፡ ብመጥቃዕቲ ሮኬት ዝተጠርጠሩ ቀዪዳ

ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ ካብ ሊባኖስ ናብ እስራኤል ሮኬታት ድሕሪ ምውንጫፎም፡ ምስቲ ጉዳይ ብዝተኣሳሰር ሓያሎ ጥርጡራት ኣብ ትሕቲ-ቀይዲ ከምዝኣተዉ፡ ሰብ-ስልጣን ሊባኖስ ዝሓለፈ ሰንበት ገሊጾም።

ትካል ሓፈሻዊ ጸጥታ ሊባኖስ፡ ብዙሓት ጥርጡራት ኣብ ቀይዲ ከምዝኣተወ ብምጥቃስ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ድማ ግቡእ ሕጋዊ ስጉምትታት ንምውሳድ መርመራታት ጀሚሮም ከምዝለዉ ኣፍሊጡ።

ዝሓለፈ ዓመት ምስ እስራኤል ደማዊ ኲናት ዘካየደ ዕጡቕ ጉጅለ ሕዝቦላህ፡ ኣብቲ ብ22ን 28ን መጋቢት ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሮኬት ኢድ ከምዘይብሉ እዩ ክገልጽ ጸኒሑ።

እንተኾነ፡ እቲ መጥቃዕቲ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ዝተበጽሐን ኣብ ግብሪ ውዒሉ ዝጸንሐን ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ክልቲኤን ጎረባብቲ ሃገራት ክፈታተኖ ምዃኑ ይፍለጥ።

እቲ ሮኬታት ካብ ሕዝቦላህ ከምእተወንጨፈ እትኸስስ እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ዕርዲታት ሕዝቦላህ መጥቃዕቲ ክትፍጽም ከምዝደረኻ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ዮርዳኖስ፡ ኣሰጋገርቲ ዕጸ-ፋርስ ትኣስር

ክፍሊ ጸረ-ናርኮቲክስ ዮርዳኖስ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ሓሙሽተ ምስ ዕጸ-ፋርስ ዝተኣሳሰሩ ዓበይቲ ገበናት ኣተኲሩ ዘካይዶ ዘሎ ስርሒት፡ 10 ኣሰጋገርቲ ዕጸ-ፋርስ ተባሂሎም ዝተጠርጠሩ ሰባት ኣብ ትሕቲ-ቀይዲ ከምዝኣተወ ተሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ስርሒት፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣዝዮም ዕሉላት ኣሰጋገርቲ ዕጸ-ፋርስ ኣብ ቀይዲ ከምዝኣተወ ድማ፡ እቲ ክፍሊ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ኣብ መንበሪ ገዛ ናይ'ቲ ጥርጡር ኣብ ዝተኻየደ ስርሒት'ውን፡ 6 ኪሎ-ግራም ናይ'ቲ ኣብ'ታ ሃገር 'ጆከር' ተባሂሉ ዝፍለጥ 'ስውሰርሖ ካናቢስ፡ ምስ'ቲ ንዕኡ ምፍራይ ዝጥቀሙሉ ሓደገኛታት ኬሚካላት ከምዝተታሕዘ ተገሊጹ።

ከም ቀንዲ መስመር መተሓላለፊት ካናቢስን ካልኦት ዕጸ-ፋርሳትን እትግለጽ ዮርዳኖስ፡ ኣብ መንጎ 2013ን 2018ን ኣብ ዝነበረ እዋን፡ መጠን ምቍጽጻር ዕጸ-ፋርስ ብሰለስተ ዕጽፊ ከምዝወሰኸ ይሕበር።

እዚ ድማ፡ ኣብ'ታ ሃገር ብዝሒ ዕጸ-ፋርስ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል ከምዝሎ ዘመልክት ምዃኑ፡ ሰብ-ስልጣን እታ ሃገር የጽንዑ።

ኣብ ዮርዳኖስ ዝፈሪ ብሶባት ዝስራሕ ካናቢስ ብውህደት 14 ጥሪ ሃገራት ከምዝምስራሕ ዘመልክቱ ጸብጻባት፡ ኣብ 2015፡ ብመሰረት ሓደሽ ሕግታት'ታ ሃገር ኣብ ዝርዝር ዘይሕጋዊ ዕጸ-ፋርስ ከምዝሰፈረ የጽንዑ።



Sabur Printing Services

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ምትካኽ ሽጋራ ኣብ ምግዳፍ ዘገልግሉ ሜላታት

ምስ ምምጻእ ሓዲሽ ዓመት፡ ብዙሓት ሰባት ዝበረና ሕማቕ ልምድታት ክቛርጹ መብጽዓታት ክኣትዉ ንርእዮ ኢና። ገሌና መብጽዓና ሓሊና ካብቲ ሕማቕ ልምድታት ክንሕረም እንኽለና፡ ብዙሓት ግና ነቲ ዝኣተናዮ መብጽዓ ክተግብር ንጽገም። ስለምንታይ? እዚ ብቐንዱ፡ ኣብቲ ነቲ ሕማቕ ልምዲ ንምጉዳፍ ዘለና ቁረጽኝነት ዝምርኮስ ኮይኑ፡ ንምርስዑ ኣብ ንእርዮ መደባትና ነርእዮ ድኽመት'ውን ብቐዳምነት ዝጠቕስ እዩ።

ንኣብነት፡ ሽጋራ ምትካኽ ክቛርጽ ዝወሰነ ሰብ፡ ሽጋራ ኣብ ምትካኽ የሕልፎ ንዝበረ ግዜ፡ ካልእ ንጥፈታት ብምኽያድ ከሕልፎ እንተተንቂዱ፡ ብዕቱብ ምስ ዝሰርሓሉ ጥራሕ እዩ ዕላምኡ ብቐሊል ክወቕዖ ዝኽእል።

ሒያለ ትኻላት ጥዕና ዘየዳእ መጸናዕቲ ከም ዘጸርዮ፡ ከም ምትካኽ ሽጋራ ዝኣመሰሉ ንጥዕና ጎዳኢ ዝኾኑ ልምድታት ንምእላይ ዝሕግዝ ወጽኢታዊ ዝኾነ ስትራተጂ፡ ነቲ ሕማቕ ልምድታት ንምትግባር ተሕልፎም ደቓይቕ ብኻልኦት ጥዕና ዝሀቡ ልምድታት ክትትክኦም ምኽኣል እዩ። እዚ ኣዘራርባዚ ኣብ ተግባር ንምውዓል ዝቐለለ ዝመስል'ኳ እንተኾነ፡ ሕማቕ ልምድታት ንምቕራጽ'ውን ከምቲ ንሓሰቦ ከቢድ ከም ዘይኮነ ክስተብሃል ይግባእና።

**ሽጋራ ምትካኽ ንምቕራጽ ……**

ሕማም ልቢ፡ ሸኮር፡ ጸቕጢ ደም፡ መንሽሮ፡ ኣዝዮ ወዘተ ብሰንኪ ካብ ንቡር መጠን ምጉዳል ወይ ምውሳኽ ክዕቃታት፡ ሆርሞናት፡ ማዕድናት፡ ቀመማት ከምኡ'ውን ብምንዋሕ ዕድመን ካልኦት ለውጥታትን ኣብ ኣካላት ዝኽሰቱ ሕማማት እየም። ዝም ሕማማት ዘቃልዑ ነገራት ብዙሓት እየም። ሓደ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ጠንቂ ናይዞም ሕማማት፡ ምትካኽ ሽጋራ እዩ። ውድብ ጥዕና ዓለም ዘውጽኦ ጸብጻብ ከም ዘጸርዮ፡ ዓመታዊ ኣስታት 6 ሚልዮን ዝኾኑ ሰባት ብሰንኪ ሽጋራ ህይወቶም ይስእኑ። ካብዚ ኣሃዛዚ፡ እቶም 5 ሚልዮን ብቐጥታ ኣትካኽቲ ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም ዝተረፉ ልኡማት ኣትካኽቲ እየም።

ኣብ ዓለም ብሰንኪ ሽጋራ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 6 ካልኢት ሓደ ሰብ ህይወቱ ከም ዝስእን ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት። እዚ ማለት፡ ብዘተፈላለዩ ጠንቅታትን ሕማማትን ናይ ዝርአ ብዘሐ. ሞት እቲ 10 ሚእታዊት ብሰንኪ ምትካኽ ሽጋራ ይስዕብ። ክንደይ ሽጋራ ተህልኽ ብዘየገድስ፡ ምትካኽ ንጥዕናኻ ኣዝዩ ጎዳኢ እዩ።

ሽጋራ ይኹን ካልእ ልምድታት ንምቕራጽ ዝሕግዙ ወጽኢታውያን ዝኾኑ ስትራተጂታት ሓደ ምቹእ ከበቢ ምምራጽ እዩ።

## ኣብ ከበቢኻ ምቕያር ምግባር



ፕሮፌሰር ወንዲ ወድ ኣብ ዩኒቨርሲቲ 'ዱክ' - ኣመሪካ እትርከብ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ እያ። ንሳ ሽጋራ ምትካኽ ንምቕራጽ ዝሕግዙ ኣገባብት ኣመልኪታ መጽናዕቲ ኣካይዳ ነይራ። ኣከባብያዊ ጽልዋ ሓደ ካብቲ ስምዒታትና ንምቕጽጻር ዝሕግዝ ረቛሒ ምዃኑ ትገልጽ።

ፕሮፌሰር ወድ ዘካየደቶ መጽናዕቲ ከም ዘጸርዮ፡ ሰባት ዘካይድዎ ሕማቕ ልምድታት፡ ምስ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ምትእስሳር ዘለዎ ምስ ዝኸውን፡ ካብቲ ከባቢ ክርሕቁ ወይ ከባቢኦም ክቕይሩ ኣለዎም። ነቲ ሕማቕ ልምዲ ንምትግባር ዋላ ኣይደለዩዎ፡ በቲ ከባቢ ብዝሓለፉ እዋን፡ ነቲ ልምዲ ንምትግባር ቃሕ-ቃሕ ክብሎም ይኽእል እዩ።

ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ 'ፋሰት ፉድ' ሻሂ ምስታይ ዘዘውተረ ሰብ፡ ነዊሕ ተጓዒዙ ናብታ ትካል ከይዱ ሻሂ ክሰቲ እዩ ዝደሊ። ሽጋራ ዘትክኽ ሰብ ድማ፡ ነቲ ኣወሳፊ ቀመም ብኻልእ ተኪኡ ክቛርጽ ምስ ዝምድብ፡ ካብቲ ሽጋራ ዘትክኽሉ ከበቢ ክርሕቕ ጥራይ እዩ ዘለዎ።

ዝተወሰኑ ቦታታት ምስ ባህርና ኣገዳሲ ሓያል ዝኾነ ምትእስሳር ከም ዘለዎም እያ ፕሮፌሰር ወድ ትገልጽ። ስለዚ፡ ሽጋራ ክቛርጽ ኣብ እንሓስበሉ እዋን፡ ሽጋራ ኣብ ምትካኽ እተዘውትሮም ቦታታት ክተስተብህሎም ይግባእ። ናብቶም ቦታታት ክትከይድ የብልካን። ኣብ ክንድኡ ናብ 'ጂም' ወይ ካልእ ምውስዋስ ኣካላት ዝካየደሎም ቦታታት ክትከይድ ይምረጽ።

## ካልእ ዕግበት ምንዳይ

ቻርለድ ዱግ ኣብታ 'ናይ ልምዲ ሓይሊ.' (The Power of Habit) ትብል መጽሓፉ፡ ልምዲ ሰለስተ ረቛሒታት ከም ዘለዎ እዩ ዝገልጽ።

- ነቲ ልምዲ ምስ ዘጋድዱ ነገር ምትእስሳር፡
- ነቲ ልምዲ ደጋጊምካ ተካይደሉ ስጉምትታት ምውሳድ፡
- ነቲ ልምዲ ደጋጊምካ ብምኽያድካ ዝፈጥረልካ ዕግበት፡

ሽጋራ ናይ ምትካኽ ልምድታትካ ንምቕያር፡ ሽጋራ ክተትክኽ ንዝደርኸኻ ባህሪ ተረዲእካ ክትቕይሮ እዩ ዝግባእ። ብዙሕ ግዜ ኣብዩን መዓስን ሽጋራ ከም እተትክኽ ሕሰብ። ብዙሓት ሰባት ማሕበራዊ ግዜኦም ምስ ሽጋራ ናይ ምትካኽ ግዜኦም ዘተሓሓናጽዎ ኣለዉ። ንሽግሩውን ካብኡም እተኣጓጉ፡ ምስ ሰባት ሓቢርካ ክትዘናጋዕ ሓዲሽ መንገዲ ክትናዲ ይግባእ።

ንኣብነት፡ ሽጋራ ምትካኽ ምስ ናይ ስራሕ ዕረፍቲ ተተኣሳሲሩ ኣለኻ ንበል። ስለዚ፡ ኩሉ መዓልቲ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ሰዓታት ኑብሸካ ሽጋራ ምስ ዘትክኹ ጉጅለ ክትጸምብራ ኢኻ። እዚ ነቲ ሽጋራ ናይ ምትካኽ ድሌታትካ መለሱ ስለ ዘጋድዶ፡ እናዕለልካ ከይተረድኣካ ብዙሕ ሽጋራ ክተትክኽ ኢኻ። ምስቶም ጉጅለ ኣትካኽቲ ዘጸንሓካ ማሕበራዊ ግዜ፡ ብዙሕ ዕላላት ክፈጥረልካ ስለ ዝኽእል ድማ፡ ዕግበት ይስመዓካ። እቲ ዕግበት ግና ጥዕና ዘይብሉ ግዜያዊ ዕግበት እዩ።

ሽጋራ ክትቛርጽ ኣብ እትወሰነሉ እዋን፡ ነቲ ምትእስሳር፡ ምድግጋምን ዕግበትን ዝብሉ ስምዒታትካ ብኻልኦት ሓደስቲ ግን ከኣ ነብራዊ ዝኾነ ጥዕና ዝሀቡ ነገራት ክትትክኦም እዩ ዝግባእ።

ንኣብነት፡ ሽጋራ ዘየትክኹ ብጾትካ፡ ምትካኽ ክተቛርጽ ኣብ ዝወሰድካዮ ስጉምትታት ዝግባእ ሓገዝን ደገፍን ክህቡኹልካ ተወከሶም። እቲ ናይ ስራሕ ዕረፍቲ ምስኦም ከተሕልፎ ከም ዘለካ ወሰን። ብዘይ ሽጋራ ምስኦም ብምዕላል ተሕልፎ ማሕበራዊ ግዜኻ ብዙሕ ቁም-ነገር ክትረኽበሉ ከም እትኽእል ርዱእ ነገር እዩ።

## ሓዲሽ ልምዲ ምምዕባልን ኣብኡ ምብጻሕውን

ሽጋራ ንምቕራጽ ክሽዑ'ቲ ትግበሮ ሓዲሽ ለውጥታት - ኣብ ኣከባብን ልምድን ማለት እዩ - ካብቲ ኣወሳፊ ቀመም ናይ ሽጋራ - ኒኮቲን ብምርሓቕካ ኣብ ሰብነትካ ንዝርአ ምልክታት ክትገጥሞ ድልዉ ምዃንውን እቲ ካልእ ጻዕሪ ዝሓትት ኣገባብ እዩ። ኣብዚ ክስተብሀሉ ዝግባኡ፡ እቶም ዝረኣዩ ምልክታት ንሓጺር እዋን ዝጸንሑ እየም።

እቶም ተተኣታትምም ጥዕና ዝሀቡ ሓደሽቲ ልምድታት፡ ሽጋራ ንምቕራጽ ኣብ ዝወሰድካዮ ስጉምቲ ዚያዳ ክትጸንዕ ሓይሊ ዝሀቡ ኮይኖም ክትረኽቦም ኢኻ። ነቲ ኣብ ሓንጎልካ ሰሪጹ ዝጸንሐ ኣወሳፊ ኒኮቲን ንምትካእ ዝሕግዝ ፍወሳ ወይ ኣገባብ ስለ ዘሎ'ውን ምስ ክኢላታት ሕክምና ክትመያየጥ ትኽእል ኢኻ። ማስቲካ ምሕያኽ፡ ሽጋራ ኣብ ዘይትክኾ ከበቢ ዀንካ ሻሂ ምስታይ ወዘተ ገለ ካብቶም ክንወስዶም ዝግበኡና ኣገባብ ፍወሳ እየም።

ሽጋራ ምትካኽ ክተቛርጽ ብምኽኣልካ ክትረኽቦ እትኽእል ዕግበት ሻቡ ዝርኣ ብምዃኑ ኣብ ጥዕናውን ማሕበራውን መዳይ ብዙሕ ለውጥታት እዩ ዘምጽእ።

- ኣብ ክንዲ ትክኪ፡ ንጹህ ኣየር ክተስተንፍስ ትጅምር፡
- ምስ ደቅኻን ኣዕሩኽትኻን ተሕልፎ ዝያዳ ግዜ ክትረኽብ ትኽእል።

## ኣእዳውካ ብዕዮ ምጽማድ

ኣእዳውካ ብዕዮ ይኹን ብኻልእ ዝተፈላለዩ ነገራት ከም ዝጽመዱ ምግባር፡ ሽጋራ ክትሕዝ ዕድል ስለ ዘይትረኽብ፡ ካብ ምትካኽ ክትቁጠብ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡ ናይ መዚቃ መሳርሒታት ምጥቃም፡ ኣእዳውካ ካብ ሽጋራ ወጻኢ. ብኻልእ ልምዲ ከም ዝጽመዳ ዝገብር ዝበለጸ ኣገባብ እዩ።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ መዚቃ ንመትንታትና፡ ኣእምሮናን መንፈስናን ናይ ምፍዋስ ሓይሊ. ኣለዎ። ስለዚ፡ ሽጋራ ንምቕራጽ ዝጸንሓና ሻቕሎት ኣብ ምጉዳል ልዑል ግደ እዩ ዘለዎ- መዚቃ።

## ፍርያት ትምባኾ ኣብ ጥዕና ካብ ዘውርዶ ጉድኣት

ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ካብ ፍርያት ትምባኾ ዝርከብ ዝኾነ ጥዕናዊ ጥቕሚ የለን። ብሰንኪ ሽጋራ ኣብዚ ተጠቒሶም ዘይውድኡ ጥዕናዊ ሽግራት ከምዝለዉን ንፍናሲ.ወከፍ ክፍሊ. ኣካላት ከኣ ከምዝዘሉ ምፍላጥ የድሊ። ገለ ካብኡ ኖም ጎሊሖም ዝርአዩ ከኦ-

- ዝተፈላለዩ ሕማማት መንሽሮ፡ ሽኮርያ፡ ሕማማት ስርዓት ዝርጋት ደም (ወቐዒ ሓንጎል፡ ልብን ሰራውር ደምን)፡ ሕማማት ስርዓት እስትንፋስ (ሕማማት ኣዝዮ፡ ዕጉት ምስትንፋስ፡ ኒሞንያን ካልኦት ረኽሲታት ኣብ ሰናበትን ሻንበቖታት ኣየርን) ኣዝዮም ብዙሓት ካልኦት ናይ ጥዕና ጸገማት የስዕብ። ሕማማት ናይ ምክልኻል ወይ ምጽዋር ዓቕሚ ከኣ የጉድል።
- ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዋሕዲ ዘርእን ካልእን።
- ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ምንጻል ጥንሲ፣ ዘይንቡር ጥንሲ. ኣብ ሻንበቖ ማህጸን፡ መዓልቱ ዘይኣኸለ ትሑት ክብደት ዘለዎ፡ ምዉት ናጽላ ምግላጋል፡ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጎደሎ ህጻን ምፅባይ፡ ጨራዲድ ከንፈር ዘለዎ ህጻን ምውላድ፡ ሃንደበታዊ ሞት ህጻን ድሕሪ ምውላድ … ወዘተ የኸትል።

## ማሕበራቁጠባዊ ጽልዋታት ፍርያት ትምባኾ

ምጥቃም ትምባኾ ብዘይካ'ቲ ኣብ ጥዕና ሓደ ኣትካኺ. ዘውርዶ ሰፊ ዘይብል ጉድኣት፡ ኣብ ስድራቤቱ፡ ማሕበራዊ ህይወቱ ከበኡን ሃገርን ከቢድ ክሳራታት የኸትል። ገለ ካብ ጽልዋኡ ከኦ-

- ወጻኢታት ብምብዛሕ ኣብ ሓዳር ጠንቂ ጭኑቕን ፍትሕን ይኸውን። ኣትካኺ. ስለ ዝሓምም ኣታዊታት ናይ ስድራ ይጎድል። ናይ ሕክምና ወጻኢታት ይወሰኽ። ነባሪ ሰንክልና የስዕብ። ሞት የኸትል ስድራ ከኣ ናባዩ ትስእን። ዘይግዱሳት ኣትካኽቲ ብዘይድርብዩዎ ቁልዒ ባርዕ ይለዓል። ንህጻናት ኣሉታዊ ጽልዋ/ኣርኣያ ይኸውን። ዝ. ክሳራታት ብቐሊሉ ንምርዳእ ኣብ ዓለም፡ ዓመታዊ ልዕሊ. 200 ቢልዮን ዶላር ንመግዝኢ. ትምባኾ ይሃልኽ።

## ምቁራጽ ወልፊ ፍርያት ትምባኾ

ትምባኾ ምጥቃም ዘቋረጹ ሰባት ክሳብ 2-4 ሰሙናት ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጸገማት ከም ሕማማት ርእሲ፡ ሰዓል፡ ምርባጽ፡ ብዙሕ ምብላዕ፡ ኣደንቦ ምጉዳል፡ ድቃስ ምስኣን ብዝኣመሰሉ ስምዒታት ክሳቐዩ ይኽእሉ። ብድሕሪዚ ዘሎ እዋናት ግን ኣዝዮም ይመሓየሹ። ስለዚ ምቁራጽ ትምባኾ ካብዞም ኩሎም ዝተጠቕሱ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ነጻ ብምዃን እወንታዊ ሂወት ንምምራሕ ይሕግዝ።

## ገለ ካብ ጎዳእቲ ቀመማት ፍርያት ትምባኾ

ኒኮቲን፦ እዚ ቀመም'ዚ ኣብ ተጠቃሚት ትምባኾ ልዑል ጸቕጢ. ደም ኣኸቲሉ ኣብ ልብን ሰራውር ደምን ከቢድ ሃሰያ የስዕብ። ሰራውር ደም ከም ዝጸርድዱን ኣብ ወሽጦም ደም ከም ዝረግእን'ውን ይገብር። ኒኮቲን ናብ ሓንጎል ኣትካኺ. ኣብ ውሽጢ. 7-10 ካልኢታት ይበጽሕ። ድሕሪ 30-60 ደቓይቕ ኣብ ሓንጎል ዝሀሉ ዓቐን ኒኮቲን ስለ ዝጎድል ካልኣይ ግዜ ሽጋራ ናይ ምትካኽ ድሌት የስዕብ።

ካርቦን ሞኖክሳይድ፦ ደምና ኦክስጅን ናይ ምሓዝ ዓቕሙ ኣጉዲሉ ሕጽረት እስትንፋስ የኸትል ከም ሳዕቤን ከኣ ንጥፈታት ልቢ. የሰናኽል።

ካርታመ (ታር)፦ እዚ ቀመም'ዚ ኣብ መናድቕ ሳንበእ ተለጢፉ ንተመጣጢ. ባህርያት ሳንበእ ኣጥፊኡ ንምልውዋጥ ኦክስጅንን ካርቦን ዳይኦክሳይድን ኣብ ደም ዓጊቱ ሕጽረት እስትንፋስ ብምስዓብ ኣብ ነዊሕ ግዜ ናይ ልብን ሰራውር ደምን ሕማማት ኣኸቲሉ ዝቕትል ቀመም እዩ።

ካልኦት መርዞማት ቀመማት፦ ከም ኣቸቶን፡ ሲያናይድ (ንመቕተሊ. ኣናጹ ንምስራሕ ዘገልግል መርዚ)፡ ዲዲቲ፡ መርዚ. ኣርሰኒክ፡ በዚኒ፡ ናፍተሊና (ጸረ ባልዕ ክዳን)… ወዘተ ዝኣመሰሉ ኣዝዮም ብዙሓት መርዞማት ቑሊታታት ሐዙ ይርከቡ።

ፍርያት ትምባኾ በዞም ዝተጠቕሱን ካልኦት መርዞማት ቀመማትን ተሰሪሑ ኣብ ሂወት ሚልዮናት ሰባት እቲ ቀዳማይ ጠንቂ ሞትን ሰንክልናን ኮይኑ ዘሎ እዩ። ስለዚ ወልፊ ፍርያት ትምባኾ (ኒኮቲን)፡ ካብ ካልኦት ኣወልፍቲ ነገራት ከም ኣልኮላዊ መስተ፡ ኮኬይን፡ ሄሮይን ዝሓየለ ምዃኑ ተፈሊጡ ብኸመይ ተጀሚሩ ብዘየገድስ ክቛረጽ ከም ዘለዎ ሓሳብና ከነተግብር ይግባእ።

ምንጪ፦ health line

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ሌላ ምስ ከተማ ኣቑርደት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሌላ ምስ ኣርት ደኮ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ሰሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዕላል ምስ ሰነ ጥበበኛ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ. (ወዲ ጎረት) |
| 16:00 | መልሲ. ኣብ መስመር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ጥኡብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ህዝባዊ በዓል ዓድ ኣልፈጥር ምስ ኩባንያ ህንጻ ሰገን |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዕላል ምስ መዚቀኛ ሰሚር ማሕሙድ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንቋዕ ዝምም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓድ ኣልፈጥር ምስ ሰራዊት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍሬም ሃብተጽዮን

## ጽዋ ገድሊ

ኣሕተምቲ ሕድሪ ኣካል ናይቲ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ዝጸንሐ ታሪኽና፡ ባህልና፡ ቋንቋታትና፡ ጥበብና. . . ናይ ምስናድን ምዝንታውን ዕማም፡ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ምስንዳእ'ውን ደላን ኣበርክቶ ገይሩ'ሎ ክበሃል ይኽእል። ኣብ 2013፡ ኣብ ዝኸሪ 25 ዓመት ምድምሳስ እዚ ናደውን ምምሕራር ከተማ ኣፍዓብትን ብንኡስ ዓቕን ዝጀመረ “ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ”፡ ኣብዚ እዋንዚ 11 ቅጺ በጺሑ፡ ይቐጽል'ውን ኣሎ። ኣብ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ ዝተሓትመ መጻሕፍቲ እዚ ዝስዕብ፤ “ዝኽርታት ሓመድ ደብ ናደው”፡ “መቐደሮ”፡ ፈንቅል”፡ “ደጀን”፡ “ገድሊ ደቀንስትዮ”፡ “መሪጸምታ”፡ “ናቕፋ”፡ “ግፍዒ”፡ “መኸተ - ካልኣይ ገድሊ ንምክልኻል ሃገር”፡ “ዋርሳይ”፡ “ዖናን በኽዲራን”። እዚ መጻሕፍቲ'ዚ ኣብዘን ዝሓለፋ 12 ዓመት ዝተሓትመን ኣማኢት ዛንታታት ሰብ ወዕሎ ዝገልጸን ኮይኑ፡ ኣብ ማዕከናት ዜና ብሓፈሻ ሰፊሕ ሽፋን ረኺቡ'ዩ። ኣብዚ ምድላዊ ኣብ ማእከል ዘለዋ ክልተ መጻሕፍቲ፡ “ፍሉያት ስርሒታት ሰውራ ኤርትራ”ን “ገድሊ ህዝቢ”ን ዝብላ እየን።

ዕዮታት ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ፡ ኣብ ኣዝዩ ታሪኽ መለለ ዝፈጥር ናይ ሰብ ወዕሎ ዛንታ ብምትካእ፡ ኣብ ኣንባቢ ደላን ተማሳጦ ዝፈጥር'ዩ። ዝወዓልዎ ዝረኣኽዎን ዝተሰምዓን ብሰብኣዊ ዛንታ ክቶቐርቡ ኒኒ ደረቕ ጸዋ ወግዕን ወረ ወግዕን ሰብኣውነት ኣልቢሱ ተዘኪርን ተጣዊፍን ይኸበር። ሰብ፡ ካብ ዝርዝራት ታሪኻዊ ፍጻመ ንላዕሊ ሰብኣዊ ዛንታ ከዘንብቦ ንደሊ ኢና። ብዝዕባ ኮማ ሰብ ዘሕለፍዎ ቃንዛ ፍርሒ፡ ስክፍታ፡ ናፍቖት፡ ሓጎስ፡ ዓወት፡ ብጾይነት፡ ሃገራውነት፡ ትብዓት፡ ጅግንነት፡ ኣብ ጥርዚ ዓወት ዘሎ ስምዒት፡ ወዘተ ክንፈልጥ ንበሆ። ስለዚ ኣብዚ ዘለኹም ኩላትኩም ኣብቲ ጽንኩር ኤርትራዊ መድረኽ ዘወዓልኩም፡ እዚ ዘይብሃል ቅያታት ዝፈጸምኩምን ክፍጸም ዝረኣኹምን ስለ ዝኾንኩም፡ ነፍሲ-ወከፍኩም ዓቢ መጽሓፍ ኢኹም'ሞ ኣብ ማዕበን ታሪኽና ዛንታኹም ከተካፍሉ ለበዋን ምሕጽንታን ነቕርብ።

ኣሕተምቲ ሕድሪ ኣብ ካልእ ተኸታታሊ መጻሕፍቲ፡ “ዕዮታት ሰውራዊት ሳሕል” ኣብ ዝብል ምድላው፡ “ትንሳኤ - እኩብ ሓጸርቲ ዛንታታት ትርጉማት ሜዳ”፡ “ስነጽሑፍ፡ ኣመዓብባኡን ተራኡ ኣብ ሰውራን” ከምኡ'ውን “ድራማ” ዝብላ ኣብ ሰውራዊ ደጀን ሳሕል ካብ ዝፈረያ ዕዮታት ዳምጋይ ከሕትሞ ጀሚሩን ኣሎ። እዚ ዕዮታት'ዚ ታሪኻዊ ኣገዳስነቱ ጥራይ ዘይኮነ ዳምጋይ ከሕትሞ ዝደረኾ፡ ሰውራዊ ስነጽሑፋዊ ክብሩ እውን'ዩ። ኣብ ዝቐጽል ድማ ዝተመርጸ ዕዮታት ሳሕል ዳምጋይ ምሕታም ክንቕጽል ኢና።

ሎሚ፡ “ተመኩሮ ክፍልታት ሰውራዊ ደጀን ሳሕል” ኣብ ዝብል ካልእ ምድላው ተኸታታሊ መጻሕፍቲ፡ “ዘይተነግረ ገድሊ” ዝርእስቱ ቀዳማይ ቅጺ ኣሕቲምና ኣለና። “ዘይተነግረ ገድሊ”፡ ማሕበር ተጋደልቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ዝሰነዱዎም ናብ መጽሓፍ ዝቐየሩዎም ዛንታ ተመኩሮ እዩ። ኣብ ኣሕተምቲ ሕድሪ ምስናድ ተመኩሮ ክፍልታት ደጀን ብክፍሊ መገዓዝያ ዝጀመረን ነዊሕ ዝተሰርሓሉን'ዩ። እንተኾነ ብጠለ ምድንጓያት ናብ ማሕተም ከይበጽሐ፡ እዚ ናይ ማሕበራዊ ጉዳያት ኣርከበ። እቲ ናይ ክፍሊ መገዓዝያ ዝ ሰዓቡ ክሕተም ኣብ ምጽፋፍ ኣሎ። እዚ ክልተ መጻሕፍቲ'ዚ፡ በተን ማሕበራት ዝተበገሳ ዝተመርሓን ዝተዳለወን እዩ።


በቲ ካልእ መዳይ፡ ምርምርን ሰነዳን ዘጠኦ ናይ ክፍሊ ባህሊ ከምኡ'ውን ናይ ክፍሊ ህንጻ ተመኩሮ ተጻሒፉ ኣብ ምጽፋፍ ዝርከብ ኣካል ናይዚ ተኸታታሊ ዕዮ እዩ። እቲ ናይ ክፍሊ ባህሊ፡ ሰወእ ተጋዳላይ መተከን ኪዳ (ሻባይ) ሰፊሕ መጽናዕቲ ኣካይዱ፡ ግዜ ወሲዱ ብምጽሓፍ ኣብ ምጽፋፉ እንከሎ፡ ዕድመ ሓጺሩዎ ተፈልዩና። ኒቲ ዕዮ ኣብ ኢጋ መፈጸምታኡ ስለ ዘበጽሖን ስለቲ ኣብ ስነ ጽሑፍ ሃገርና ዘበርከቶን ድማ ክብርን ምስጋናን ይግብኦ። ዘድሊ ናይ ምጽፋፍ ማስርሕ ተገይሩሉ፡ ኣብ ቀረባ ክሕተም'ዩ። ናይ ክፍሊ ህንጻ ተመኩሮ እውን ተጻሒፉ ንርኢዩቶ ንሞያውያን ተዋሂቡ ኣሎ።

ማሕበራት ተጋደልቲ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ተበግሶ ኣብ ዝወስዳሉ፡ ኣሕተምቲ ሕድሪ ዝከኣሎ ንምብርካት ከም ወትሩ ድሉው እዩ። ሓበሬታ ምእካብ ሓደ ኣገዳሲ ኣካል ምስናድ ታሪኽ'ዩ። እቲ ዝተኣከበ ሓበሬታ ናብ ተሳቢ ዛንታ ንምቕያሩ ድማ ግድን ክእለትን ክኢላታትን የድልዩ። ሓደ ፍጻመ፡ በቲ ዝሽቅየ ደረጃን ጥበብን ኣዘናትዋ እንተ ዘይቀረበ፡ ብምልኣት ክውትልን ክመሓለለፍን ስለ ዘይክእል፡ ነፍሲ-ወከፍ መጽሓፍ ክሕትም ዝደሊ ወይ ዝሓስብ ኣካል፡ ክኢላታትን ምኩራትን ጸሓፍቲ፡ ኣርታዕቲ፡ ወሃብቲ ርእይቶ . . . ክናዲ ኣለዎ። ዓይነታዊ ስራሕ፡ ወጽኢት ክእለት፡ ብቕዓትን ተመኩሮ ስራሕን ስለ ዝኾነ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣሕተምቲ ሕድሪ ብውልቅን ብማሕበራትን ንዘውሰድ ተበግሶ ምስናድ ታሪኽ ዘለዎ ምሉእ ደገፍ እናገለጸ፡ እሩዓልዎ መጻሕፍቲ፡ ንዕብየትን ክብደትን ናይቲ ዝውትሎ ዛንታ ዝበቕዕ ንምግባሩ ሰፊሕን ደቂቕን መጽናዕቲ ክተግብሩ የዘኻኽር። ንኹሉ'ዩ፡ ንግብሮ ይግበረና።

ኣቦና ወልድኣብ ወልደማርያም፡ ኣብ ዳሕረዋይ እዋን ዕምርም፡ ስለምንታይ ታሪኽ ህይወትኩም ዘይትጽሕፉ ተባሂሎም ምስ ተሓተቱ፤ “እቲ ክንገብሮ ዘይደለናዮ፡ እቲ ክንደልዮ ድማ ኣይከኣልናዮን!” ኢሎም ዝበሉ ይዝከሮ። ከለኻን ከሎን እዩ ኣደማዒ ስራሕ ዝሰርሕ'ሞ፡ ሎሚ ምሾት ብዙሓት ዛንታታትን ኣብ ምጽሓፍ ተበግሶ ክወስዱ ንምዑ።

ምስናድ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ፡ ካብ ጽሑፍ ምፍኳን ሓሊፉ ምንጪ ዝተፈላለየ ስነ ጥበባዊ ዕዮ እውን ኮይኑ እዩ። ካብቲ ዝተሰነደ ፍጻመታት፡ ሓጸርቲ ፊልምታት፡ ድራማታት፡ ትረኻታት፡ ግጥሚታት፡ ቅብኣታት . . . ፈርዩ እዩ። ንኹሉየም ደረስቲ ፊልም ገድሊ ይኹን ድራማታት፡ ኒቲ ክዉንነት ብዝበለጸ ኣብ ምምዝባብ ድማ ኣገዳሲ ምንጪ ሓበሬታ እዩ። ስለዚ ኩሉ ስነ ጥበባዊ እዚ ዛንታታት'ዚ ከንብቦን ክፈልጦን ኣለዎ።




## ዘይተነግረ ገድሊ

*ተመኩሮ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር*

*ቅጺ 1 - ተመኩሮ ክፍልታት ሰውራዊ ደጀን ሳሕል*

ዝሓለፈ ዓርቢ 28 መጋቢት፡ ተመኩሮ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝገልጽ፡ “ዘይተነግረ ገድሊ” ዝርእስቱ መጽሓፍ ምስ ኣንበብቲ ተላለዩ። ኣብቲ ናይ ምልላይ መደብ፡ ኣባላት ማሕበር ተጋደልቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት፡ ኣብ ዕዮ ምእካብ ሓበሬታን ምክያድ መጽናዕትን ዘዘኻረ መግለጺ ክሀቡ እንከለዉ፡ ዝተፈላለዩ ሞያውያን ስነ ጽሑፍ ድማ ብዛዕባ ትሕዝቶን ኣገዳስነትን ናይቲ መጽሓፍ ርእይቶ ኣቕሪቦም።

ትረኻታት ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝበዝሕ ናብ ፖለቲካውን ወተሃደራውን መዳያት ዘድሃበ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብመትከል ርእሰ ምርኮሳ ኣብ ሳሕል ዝመስረቶ ደጀን፡ ኒቲ ቃልሲ ኣብ ምዕዋት ዝበርኦ ዓቢ ግደ ዛጊት ከምቲ ዝድለ ኣይተተረኸን። “ዘይተነግረ ገድሊ”፡ ንሓደ ክፋል ካብ ዕምምት ሰውራዊ ደጀን ሳሕል፡ ማለት፡ ንጥፈታት ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር እትትርኽ ቀዳመይቲ ቅጺ ናይ ተኸታታሊ መጻሕፍቲ “ተመኩሮ ሰውራዊ ደጀን ሳሕል” እያ።



ኩናት ዘኸትሎ ማሕበራዊ ሽግር ማእለያ የብሉን። ቁጠባውን ማሕበራውን ድሕረት ኣብ ዘለዎ ሕብረተሰብ ብፍላይ፡ እቲ ጾር ኣመና ከቢድ'ዩ። ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር፡ ምስቲ ግዙእቲ ኢትዮጵያ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምጭፍላቕ፡ ኣብ ልዕሊ ብረት ዘይዓጠቐ ሰላማዊ ህዝቢ ዝፍጽምዎ ዝበጹሑ ሰፊሕ ግብሪ ግፍዒታት፡ ከምኡ'ውን ከቢድ ሳዕቤናት ኩናት (ስንክልና፡ ምምዛብል፡ ስደት፡ ምብትታን ስድራቤታት፡ ዝኾትምና፡ ደርቂ፡ ጥሜት፡ ወዘተ) ተኣሳሲሩ፡ ብኣገዳሲ ድሩት ዓቕሚ ናይቲ ውድብ፡ ኒቲ ዝበረ ጥንግናግ ማሕበራዊ ብደሆታት ንምግጣምን ንምቁጽጻርን ዓሊሙ፡ ኣብ መፋርቕ 1970ታት ዝቘመ ክፍሊ እዩ።

መጽሓፍ “ዘይተነግረ ገድሊ”፡ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት እዚ ሰፍ ዘይብል ተልእኾ ሒዙ፡ ኣብ ማእከል ናይቲ ቃልሲ፡ ደረጃ ብደረጃ ውዳቡኡን ንጥፈታቱን እናሰፍሐን እናኣማዕበለን ከመይ ገይሩ ሓደ ካብ ዓበይቲ ትካላት ሓርነታዊ ቃልሲ ንምኳን ከም ዝበቅዐ፤ ኒቲ ዝበረ ከቢድ ብደሆታትን ሕጽረታትን ንምስጋር ዝተራእየ ጻዕርን ምብልሓትን ብዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ሓቝፉ ኣሎ።

እቶም ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ትሕዝቶን ዓቕምን ከይደረቶም፡ መዛኑ ኣልቦ ተወፋይነት፡ ኒሕን ሓልዮትን ዓጢቖም፣ ብሰንኪ መግዛእቲ ኣብ ሕሰም ንዘወደቑ ዜጋታቶም፡ ኣብ ሓራ ቦታታት ብምዕቋብን ብምሕብሓቦም፣ ምእንቲ ድሕነት ሃገር ኣብ ኩናት ኣካላቶም ዘሰንከሉ ተጋደልቲ ብዱቶምን ኣላዩ ዘይብሎም ህጻናትን ብምንባይ፡ ብሓድግታት ኩናትን ደርቅን ዝተሸገሩ፡ ዝተመዛበሉን ዝተሰዱን ዜጋታት ብምርዳእ ጥራይ ዘይኮነ ኑቦም ክኢሎም ኣፍሪዮቲ ከኾኑን ማሕበራዊ ንቕሓቶም ክብ ክበሉን ባይታ ብምፍጣር፡ ብስነፍልጠታዊ መንገዲ ድንቂ ታሪኽ ዝሰርሑ፡ ህልዋትን ስውኣትን ኣባላት ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳይ ዘሕለፉዎ ህይወትን ዘሰላሰልዎ ኩሉ መዳያዊ ዕማማትን ኣብዚ መጽሓፍ'ዚአ ብሰፊሑ ተተሪኹ ኣሎ።

## ኲርናዕ ገጠምቲ

### ጻሕልና

ብጽብቕታ፡
ኣብኡ ከላ ብኽድንታ
ምስ ረኣኹዋ ኣብ ዘላታ
ኣፈይ ማይ ምዒጉ
ከስዐይ ጠጥዕሙ ብሂጉ፡
መልሓሰይ ከኣ ተዳልያ
ካብ ከርሲ ጻሕልና ጥዑም
ተመንያ
ኣዒንተይ'ውን ኪኖ'ታ
መኾምብያ
ኣድቂቐን ረኣያ።

ኮራርምተይ ኣሕሾኽሾኹ
ጮማ ክሕይኹ፡
ሽዑ ኢደይ ብተብተብ
ክፍት ኣቢላታ ነታ ውቅብቲ
ጉልባብ።

ኣቤት . . . ኣቤት . . . ኣቤት
. . .
ኣነ ዝተጸበኹዎ ዝግኒ፡ ጥብሲ
ቃተኛ ፍትፍት ምስ ሓፊስ ስልሲ
እንተ ገደደ ወላ ጥረምረ
ውጽኢት ዓተር፡ ባልዶንጓ ሰበረ
ንሳ ዘጽንሓቶ ግን ማይ ፈለቕላቕ
ንጸባሒኡ ይጭነቕ
ንሱ'ኳ ብዘይመሓፍስቲ
ኣልቦ መቓምምቲ።

ሽዑስ . . .
ምስትምቓር ዝሃረረት መልሓሰይ
ምትእንጋድ ዝሃረፉ ኮራርምተይ
ምርኣይ ዝበሃጋ ኣዒንተይ
ብሓንሳብ ዘፍ በሉ
ነቲ ርጉጥ ሽውሃተይ ጾር
ገዲፎምሉ።

ተስፋሂወት ገብረሂወት
ምንጪ፤ መጽሓፍ “ጽባሕ”

### ሓዲኡ ዘይትሕዝ

ህልም ክትብል ኣይትሓፍር
ጥብቕ ክትብል ኣይትጽገም
ሎሚ ሎምስ በዚሑ፣
ውድስ ኣምሲኻኒ
ሃረር ኣቢልካኒ
ኣበይ'ኻ ትሕባእ፣
ተራእዩካ ማማ ከተማ
ወይ ርሒቕካ ኣይትርሕቕ
ወይ ጀሚርካ ኣይትምልእ፣
ትንክፍክፍ ኩልፍልፍ
ኣይተስርር ኣይተጽድፍ፣
ዝሓሰበሉ መኣስ ውሒዱኒ
ብሓሳብ ሸሚምካ
ናፍቖት ነጊሕካ
ክምስታይ ክቕምስል
ሰቕ ኢልካ፡ ሰቕ ትብል
ሰቕ ‘ተበልኩ ጸርጸር
ተመለስኩ ካርካር
ሓንሳብ ድጉሕ ሓንሳብ ግስም
ኮይኑካ ሕውዝውዝ!
ሓዲኡ ዘይትሕዝ?

ነጻነት ተወልደ
ምንጪ፤ መጽሓፍ “ሰብዶ'ለኩም”

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/ቤ/ዕዳ ኣቶ ተስፉይ ባህታ፡ ማስፍን ኣብርሃም፡ ወረ/ኛ ዳንኤል ሃይለ ወረ/ ኛ ከሰተ ሃብተጼን ወረ/ኛ ጸሃየ ስመረ ብመንገዲ ብፍ/ሰ/ማሳል ኣቶ ዘርኣይ ሃይለን ኣቶ ቴድሮስ ዓንደሚካኤልን ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ኣብርሃም ገብረኣምላክ ሃይለማርያም፡ ኣቦና ገብረኣምላክ ሃይለማርያም እንጉዳ ስለዝዐረፈ፣ ንወላዲትና ወ/ሮ ሰዋሰው ኣብርሃ መሻ ናይ መጸምዲ ማሳለ ይተሓለወሉ፤ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ደማ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

መልኣኩብርሃን ወልደሚካኤል ገብረየሱስ፡ ኣቦይ ወልደሚካኤል ገብረየሱስ ዘርኡ ስለዝዐረፈ፣ ኣነ ምስ 8 ህልዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ጉዕዲ ተኽለ ኣረጋይ ምግቢ ተሪፉ፣ ኤደን ተኽለ ኣረጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ገነት ገብረመድህን ተኽለ፡ ኣቦይ ገብረመድህን ተኽለ ዘርጋሽ ስለዝዐረፈ፣ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣቶ ዓላ ግርማይ ተስፉማርያም፡ ኣቦና ግርማይ ተስፉማርያም ስብሃቱ ስለዝዐረፈ፣ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲ ደሰታ ኣስገደ ጓዕዳድ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኛ ነጻት ደባሳይ ተወልደ 1.ጸጋይ ኣስገደ ጓዕዳድ 2.ሳባ ኣስገደ ጓዕዳድ 3.ፍረወይኒ ኣስገደ ጓዕዳድ 4.ራህዋ ኣስገደ ጓዕዳድ 5.ምስጋና ኣስገደ ጓዕዳድ 6.ኣስቴር ኣስገደ ጓዕዳድ፣ ንናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ፍረሰላም ጥዕመዝጊ ምግቢ ተሪፉ፣ ሰላም ጥዕመዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሃብተኣብ ሙሉጌታ ባህልቢ ምግቢ ተሪፉ፣ ኣርኣያን ሙሉጌታ ባህልቢ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ እዮብ ወልዳይ ተኽለገዮርጊስ፡ ብዓልቲ ቤተይ ሰላስ ሰዩም የውሃንስ ስለዝዐረፈት፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፤ 3 ደቒቕ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዶ/ር ኣብርሃም ወልዱ ገብረኣብ፡ ኣደይ ሚዛን ገብረዝጊ ተኪኤ ስለዝዐረፈት፣ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኣብርሃም ተስፉማርያም ገብረማርያም፡ ሓወይ ማእከለ ተስፉማርያም ገብረማርያም ስለዝዐረፈ፣ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዶክ/ በታንያ መተሃን ደብሳይ፡ ኣሞና ለተኪዳን ደብሳይ ተሰማ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይን 8 ተተካእቲ ደቂ ሓወቦታተይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ግደይ ወልደገርግሽ ወልዱ፡ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ ገ/እየሱስ ዘርአ ስለዝዐረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፤ 5 ደቒቕ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ወ/ሮ መዚት ስብሃቱ ወ/ሩፋኤልን ተጸዋዒ ኣቶ ሚካኤል ገብረስላሴ በርሀን ዘሎ ናይ ሓዳር ክርክር፡ ተጸዋዒ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፣ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ኣቢኒ ተወልደ ገብረስላሴ ምግቢ ተሪፉ፣ ነቢ ተወልደ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ጴጥሮስ ገብረሃዋርያት ደባሱ፡ ኣደይ ገብርኤል ገብረኣምላኽ ገብረገርግሽ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሳባ ሀብትዝጊ ዑቕባዝጊ፣ ነ/ፍ ነቢያ ሀብትዝጊ 2.ስወእ ተፈሪ ሀብትዝጊ 3.ነ/ፍ ገብርኤል ሀብትዝጊ ስለዝዐረፉ፣ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 6 ተተካእትን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣና ናታሊኖ ሺቾንስ፡ ተኸሳሲ ፍስሃጽ ሳውሮያኖስ ተስፉማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ መድህን ኣፈወርቂ ወልደሩፋኤል፡ ብዓል ቤተይ ደብረጽዮን ተስፉይ ይኩኖኣምላኽ ስለዝዐረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፤ 7 ደቒቕ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የዲት ኣስመላሽ ሃይሉ፡ ኣቦይ ኣስመላሽ ሃይለ ዑቕባጋብር ስለዝዐረፈ፣ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዳናይ መንግስ ገብረማርያም ምግቢ ተሪፉ፣ ዳናይት መንግስትኣብ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የውሃንስ ሓድጉ ተስፉጽዮን፡ ኣደይ ርግኣት በርሀ ተስፉሚካኤል ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ጭሩም ተስፉ፣ ብዓል ቤተይ ኪዳነ ተስፉገርግሽ ወልደኪዳን ስለዝዐረፈ፣ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፤ 15 ደቒቕ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሚለን ተኽለ ኣብርሃ ምግቢ ተሪፉ፣ መለን ተኽለ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሰናይ እስጢፋኖስ ደሱላቅ ምግቢ ተሪፉ፣ ሚካኤል እስጢፋኖስ ደሱላቅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማዕበል ጠዓመ ገብረክርስቶስ ምግቢ ተሪፉ፣ ማዕበል ዘርእዝጊ ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ትሕተ ዕድመ ብኣዳኢ ወ/ሮ ስምረት ሃብተሚካኤል ተስፉይ፣ ስመይ ኤሊና ግርማይ ሓድጉ ምግቢ ተሪፉ፣ ኤሊና ግርማይ ሓድጉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤተልሄም ክብሮም ገብረክርስቶስ ምግቢ ተሪፉ፣ ቤተልሄም ክብሮም ገብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሰለሞን ከሰተ ዋሳይ፡ ስም ኣደይ ጸገ ኣሰገዶም ሰለባ ምግቢ ተሪፉ፣ ለተሚካኤል ኣሰገዶም ፍሰሓ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፉማርያም ተኽለሚካኤል ኪዳኑ፡ ስም ኣደይ ኣበበ ተኽሰተ ሃጎስ ምግቢ ተሪፉ፣ ኤልሳ የውሃንስ ሃብተሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ስም ት/ዕድመ ደቅና 1.ታሪክ ሙሉጌታ ኢያሱ ምግቢ ተሪፉ፣ ቤትኤል ሙሉጌታ 2.ጸጋዓት ሙሉጌታ ምግቢ ተሪፉ፣ ኣርሴማ ሙሉጌታ ተባሂሉ ይተኣረመለን ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶብርሃን ደብሳይ ሰቋር ምግቢ ተሪፉ፣ ኣብ ኪዳነማርያም ደብሳይ ሰቋር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣዜብ ሰዩም ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ የማነ ኣርኣያ ኣድሓኖም ስለዝዐረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፤ 5 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃብተሚካኤል ዘርኣ ተኽለሃይማኖት ምግቢ ተሪፉ፣ ኣብ ኣኽለክርስቶስ ዘርኣ ተኽለሃይማኖት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወይኒ ዑቕባሚካኤል ተኽለ ምግቢ ተሪፉ፣ ድሌት ዑቕባሚካኤል ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ክብራ ገብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ ተስፉስላሴ ሃይሉ ስለዝዐረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፤ 6 ደቒቕ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ የርሳሌም ኣለምሰገድ መተሃን ብመንገዲ ወኪል፡ ኣደይ ምኑት ጋርድ ዕዋሎ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣለም ገብረገርግስ ገብረኣልፋ ምግቢ ተሪፉ፣ ኣለም ተኽለወይኒ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ሃይለ ሃብተ ገብረሂወት ምግቢ ተሪፉ፣ ሃይለ ሃብተ ገብሬት ተባሂሉ ይተኣረመለይ፤ ስም ኣደይ ደማ ሓዳስ ኣብርሃ ተስፉዝጊ ምግቢ ተሪፉ፣ ሓዳስ ኣብርሃ ተስፉጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

1.ዮርዳኖስ ኣብርሃ ኣሰፋው 2.መሪሕ ኣብርሃ ኣሰፋው 3.ሲም ኣብርሃ ኣሰፋው ምግቢ ተሪፉ፣1.ዮርዳኖስ ኣብርሃም ኣሰፋው 2.መሪሕ ኣብርሃም ኣሰፋው 3.ሲም ኣብርሃም ኣሰፋው ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸገወይኒ ተኪኤ ሃብቱ፡ ሓወይ ተኽለ ተኪኤ ሃብቱ ስለዝዐረፈ፣ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ኳለይ ርብቃ ትንሳእ ገብረሂወት ምግቢ ተሪፉ፣ ሜላት ትንሳእ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ሙሉጌታ ኣወዓለ በሺህ ምግቢ ተሪፉ፣ ድግታይ ኣውዓለ በሺህ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ዓእሻ ኣበብከር ሓምደ ምግቢ ተሪፉ፣ ዓእሻ ኣበብከር ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት ድራር፡ ስም ናይ ት/ዕድመ ጓል ጓለይ ሳንድራ ዳዊት ገብረስላሴ ምግቢ ተሪፉ፣ ናኦሚ ዳዊት ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስትና ዐስማን ፈረጅ፡ ስም ኣደይ ስትና ኢብርሂም እድሪስ ምግቢ ተሪፉ፣ ስተል ኢብርሂም እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ት/ዕድመ መሓመድ ዓብደላ ሓምድ ምግቢ ተሪፉ፣ ማሕሙድ ዓብደላ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳልሕ መሓመድ ዐስማን ምግቢ ተሪፉ፣ ሳልሕ ማሕሙድ ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 01፡ ዞን 01 ጎደና 318,321 ዚፕ ኮድ 6K-1374 ፕሎት 55 ፓርስል pop 107 ብመለለዪ ቁ.ንብረት 6BRKRN000969/1 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓቱ 367.45 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፡ ብስም ስሌማን መሳ ሓጅ ጭሩም ምስ 3 ኣሓቱን 1 ሓዉን ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝበጽሖኒ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ደግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር።

ዛህራ መሳ ሓጅ

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣክረም ኸሪዲን ዓብደልዓለም ምባል ተሪፋ፣ከሚባል ኸሪዲን ዓብደልዓለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኣሚኤል ወልዱ ጉብረስላሴ ኣቡላጎይ ጉብረስላሰ ልብሱን ዓፀዩ ስላስ ዓሩደን ስለዝዋረፋ፣ ኣነ ምስ 9 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ሚሌት ክብረኣብ ተኽልኣብ ምባል ተሪፋሚሌት ክብረኣብ ተኽላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ወርቁ ዳኛው፣ ስም ት/ዕድመ ወደይ ኣስመሮም ጸሃይ ገረዝግሄር ምባል ተሪፋ፣ ኣፈወርቂ ጸሃየ ጉብረዝግኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረሙሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ወ/ሮ ታብቱ ወልደሚካኤል ደቦሳይ፣ ብዓል ቤተይ ኣብርሃ ተስፋሚካኤል ከበዶም ስለዝዞተሰወኦ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፣ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ያቆብ ሰለሙን ዳዊት፣ ወደይ ምከኤል ያቆብ ሰለሙን ስለዝዞተሰወኦ፣ ውላድ ስለዘይብሉ፣ ኣነ ምስ ኣዲኡ ደሃብ ሰኡሉ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ኣፍም ተወልደ ተስፋጼን፣ ብዓል ቤተይ እርምያስ ጉብረሂወት ገ/ስላሴ ስለዝዋረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፣ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ንግስቲ ፍስሃየ ተስፋሚካኤል፣ ብዓል ቤተይ ኣቶ ወልደስላሰ ዑቕባጊዮርጊስ ተስፋይ ስለዝዋረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፣ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንሱራ

መሓመድ ኣደም መሓመድዓሊ ምባል ተሪፉ፣ መሓመድኣደም መሓመድዓሊ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

መሓመድሓምድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፣ መሓመድሓምድ ኢብራሂም ፈረጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ከልዩማ መሓመድ ሓጅ ምባል ተሪፋ፣ ከልቱም መሓመድዓብደላ ሓጅሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሚሌሄር ካሕሳይ ተፈሪ ምባል ተሪፋ፣ ሰለሀም ካሕሳይ ተፈሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ፍረወይኒ ኪዳነ ተከኤ ምባል ተሪፋ፣ ጸገወይኒ ኪዳነ ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ወ/ሮ ጀምዓ ሑሴን ብላይ፣ ኣቦ ደቀይ ዓብዱ ሳልሕ ኣኽኩር ስለዝዞተሰወኦ፣ 7 ደቁ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ወ/ሮ ኣምለሱት ጎይትኦም ገ/እድርያስ፣ ብዓል ቤተይ ወልዱ ዓንደብርሃን ጉብረየሱስ ስለዝዞተሰወኦ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፣ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ሳይሞን ዓንዶም ምባል ተሪፋ፣ ሳልሞን ዓንዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ወ/ሮ ትዕበ ኣርኣያ ወልደገርጊሽ፣ ብዓል ቤተይ ተኽለሚካኤል ብርሃነ ባይረ ስለዝዞተሰወኦ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፣ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

መትከል ድራር ዑቕባስላሴ ምባል ተሪፋ፣ ልኡል ድራር ዑቕባስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ጆርጅም ዑቕባጼን ወልደህላሴ፣ ስም ት/ዕድመ ጓለይ ርዚና ኪዳነ ምባል ተሪፋ፣ የርዳኖስ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ቀሺ የውሃንስ ጉብረመስቀል ኣልመደም ምባል ተሪፋ፣ ብጸገ ጉብረመስቀል ኣልመደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ሃይለ ዑቕባይ ምባል ተሪፋ፣ ሄኖክ ዑቕባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ጆን ካሎም ኣሮሽ ምባል ተሪፋ፣ ጆን ካሎም ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ረንዳ ኣደም ባከር ምባል ተሪፋ፣ ረንዳ ኣደም ኣበከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ዓኢሻ ዳውድ እድሪስ፣ ስም ኣደይ ከዲጃ ሮሞዳን እድሪስ ምባል ተሪፋ፣ ከዲጃ ኣልኣሚን እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን12/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ወ/ሮ ፋጥና እድሪስ ካምል፣ ስም ኣደይ ፋጥና እድሪስ ካምል ምባል ተሪፋ፣ ዓሻ መንታይ ሁመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን12/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ወ/ሮ ፍረወይኒ ዑቕባይ፣ ብዓል ቤተይ መለስ ተኽለ ኣውዓሎም ስለዝዋረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፣ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ሰላሕ ሓጂ ሐመድ ምባል ተሪፋ፣ ሳልሕ ሓጂ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ሲሞና ጉብረሂወት ርእሶም ምባል ተሪፋ፣ ሲሞና ተስፎም ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን9/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ሃገር ምሕረቱ መለሱ፣ ኣደይ መኣዛ ጺጋይ ጉብረህይወት ስለዝዋረፈት፣ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት 2 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ኣሰየ ኑረዲን ኣጸማጽ ምባል ተሪፋ፣ ኣሰየ ኑረዲን ዓጥማት ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ገለወይት ጅምዕ ምባል ተሪፋ፣ ኣግደባይት ጅምዕ ኣኽከሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን9/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

ኣቶ መሓመድሓምድ ኢብራሂም ዑሰማን፣ ተጻዋዒ ኣቶ ሰማር ያዕቆብ ቤሮ፣ ካብ ተጻዋዒ ብዕለት 15/2/2014 ዓ/ም መኪና ቁ/ሰሌዳ ER 3-17097 ቁ/ቻሲ. 451779 ቁ/ሞተር 451779 ብዋጋ 100,000.00 ሽሕ ናቕፋ ውዕል መሸጣ መኪና ፈጺምና ገንዘብ ተቐቢሉ ናብ ስም ከየሰጋገረለይ ደሃዩ ስለዝጠፍኣኒ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፤

ክብሮም ትከእ ወልደኣብ ምባል ተሪፋ፣ ክብሮም ተከኤ ወልደኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

መርሃዊ ተኽለኣብ ዐቅባማርያም ዕለተ ልደት 01/01/2000 ምባል ተሪፋ፣ ራህዊት ተኽለኣብ ዐቅባማርያም ዕለተ ልደት 20/03/1999 ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

መሓሪ ብርሃነ ጺጋይ ምባል ተሪፋ፣ መሓሪ ጺጋይ ከፈይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፤

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ምም/ከባቢ ሕሸመሉ፣ ፕሎት 10 ፓርሰል C ስፋሕት መሬት 250 ት/ሜ፣ ቀንዲ ክፍልን 2+ ክፍልን 2+ ቀንዲ ክፍልን 2+ ተሓጋጋዚ ክፍልን ዝተደኮነ፣ ብቁ. ንብረት ሚ/ሪ ማይ ከባቢን ካዳስተር ብቁ. ንብረት 4BRADK002655/1 ብስም ወ/ሮ ምሕረታ በርሀ መድሓኒ ዝተመዝገበ ብውህብቶ ዝረኸበኩዎ ናብ ስመይ ከሰጋግር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኒይሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ይቕረብ፤ እንተዘይቀረብ፣ ብዘለኒ ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ግርማይ ጉብረእግዚኣብሄር ተስፉ

---

ብስም ምንት ሓጊዝ.ብማ ዝተመዝገበ፣ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00040071 ዝኾነ፣ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ደብረ በዘን ቁ.ገዛ 11 ዝርከብ ናይ ቤት መስተ ትካለይ፣ ንወ/ሮ ሰናይት ገዛሀኝ ጉበሩ፣ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና 703 ቁ.ገዛ - ካብ ዕለት 01/01/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እተዘይቀሪቡ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቘጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፍልጥ።

ወ/ሮ ትምኒት ሰለሙን መዓሾ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ከባቢ ሜዳ ኤርትራ ዝርከብ፣ ጎደና ተሰነይ ቁጽሪ ገዛ 28 ቁጽሪ ንብረት 1BRASM019398 ስፍሓት መሬት 71.25 ብዝሓ. ክፍልታት ቀንዲ ክፍሊ 2 ሓገዝቲ 2 ዝኾነ ገዛ፣ ብስም ሰናይት ሚካኤል +5 ዝተመዝገበ ስለዝዋሃደንዎ'ሞ ናብ ስመይ ከሰጋግር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ሕጊ ብእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኮይኑ) ሒዙ ናይ ቤ/ጽሕፈት ካዳስተር ቤ/ጽሕፈት ኖታሪ መአገዲ የቕርብ።

የርሳሌም ገ/እግዚኣብሄር ገ/ክርስቶስ

---

## ምልክታ ጨረታ

ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣብ ትካሉ ዝጥቀመሎም 100 ፕሪንተራት፣ 37 ፎቶ ኮፒየራት፣ 4 ፋክስ፣ 3 ስካነራት ከምኡ'ውን 3 ፕሎተራት ናይ ምጽጋንን ምንጋፍን ምጽራይን (Seevece & Maintenance) ንክልተ ዓመት ኣገልግሎት ዝህቡ ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ረቛሒታት፦

1. ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን የቕርቡ፣
2. ናይ ዓመት 2024 ካብ ዕዳ ናጻ ወረቐት ምስክር ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን ናይ ዓመት 2025 ዕዳ ምም/ዞባ ዝተኸፍለሉ ቅብሊትን የቕርቡ፤
3. መኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ብCPO ወይ ብCheque የትሕዙ፣
4. ተወዳደርቲ ክህብዎ ዝኽእሉ ኣገልግሎት ብዝምልከት ዝርዝር ሓበሬታን ሰነድ ጨረታን ዝሓዘ ወረቐት ኣብ ትካልና ብምቕራብ፣ 50.00 ናቕፋ ዘይምለስ ከፊሎም ይወስዱ፥
5. ተጫረትቲ ክህብዎ ዝኽእሉ ኣገልግሎት ብኮምፕዩተር ዝተጻሓፈ ኣሻማዊ ብዘይኮነ ኣገባብ ዘርዝርም ምስ ምሉእ መብርሂታቱ የቕርቡ።
6. ተወዳደርቲ ነዚ ተጠቒሱ ዘሎ ሞያ ዘየድዎ ተመኩሮታት ዝመልክት ናይ ስራሕ ብቕዓት ካብቲ ስራሕ ዘየዱሉ ትካል ምስክር ወረቐት የቕርቡ፣
7. ተወዳደርቲ፣ ሰነድ ጨረታ ብዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ኣሃዱ ዕድጊ ክፍሊ ቁጽሪ 39 ኣብ ሳንዱቕ ጨረታ የእትዉ፥

ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን12 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፣ ኣብታ ትቐጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 9:45 ቅ/ቀ ሳንዱቕ ጨረታ ይዕጸ። ኣብታ ዕለት ከኣ ሰዓት10:00 ቅ/ቀ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ሳንዱቕ ጨረታ ይኽፈት።

ኣብ ትካልና ብምብጻሕ ዘድሊ ተወሳኺ ቴክኒካዊ ሓበሬታ ብምእካብ፣ ናይቲ ክትህብዎ ትኽእሉ ኣገልግሎት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ብኣካል ቀሪብኩም ክትወስዱ ትኽእሉ።

ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፣ እቲ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ምምሕዳር ዞባ ማእከል

ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ንሕማም ሽኮርያስ ሽኮር!



ደዋሊት፤ ሄለው፣ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ድዩ?

ኣማኻሪት፤ ጽቡቕ ኣለኺ፣ ወትሩ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ቅድሚ ቀትሪ ካብ ሰዓት 10፡00 ክሳዕ 12፡00፡ ድሕሪ ቀትሪ ድማ ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳዕ 7፡00 ኣገልግሎት ንህብ። ኣነ ሄዋን እበሃል። መላለዩ ክኾነና ስምኪ፡ ዕድመኺ፡ ደረጃ ትምህርትኺ ከምኡ'ውን ትድውልሉ ዘለኺ ከባቢዶ ምሓበርክኒ?

ደዋሊት፤ እወ ሓቅኺ ሄዋን። ኣስቴር እየ ዝበሃል። ጓል 40 ዓመት ኮይነ፡ ካብ ከባቢ ድርፎ'የ ዝድውል ዘለኹ። ደረጃ ትምህርተይ'ኳ ብምኽንያት መርዓ ኣብ 11 ክፍሊ'የ ኣቋሪጸ። ሕጂ ድማ ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ሰለስተ ቈልዑን እየ።

ኣማኻሪት፤ ሕራይ ኣስቴር፡ ሕቶኺ እንታይ ይኸውን?

ደዋሊት፤ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ሓንቲ ሓፍተይ ንሆስፒታል ኣብ ዝኸደትሉ ግዜ፡ ኣብቲ ትካል ጥዕና ዝሰምዓቶ ኣስተምህሮ ትነግረኒ'ሞ፡ ኣነ ግና ክርደኣኒ ኣይከኣለን። ሽሕ'ኳ ደጋጊማ ክተረድኣኒ እንተ ፈተነት 'ተጋጊኺ ኢኺ ትኾኒ፡' ብምባል ኣይተቐበልኩዋን'ሞ፡ ከረጋግጽ ደልየ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፤ እንታይ ድዩ ነይሩ እቲ ሓበሬታ?

ደዋሊት፤ እዛ ሓፍተይ ዝነገረትኒ ሓበሬታ ክውሓጠለይ ኣይከኣለን ዘሎ። ብዛዕባ ሕማም ሽኮርያ'ዩ ነይሩ። ንሱ ድማ ሓደ ሰብ ኣብ መንገዲ ወዲቑ ምስ ዝጸንሓካ፡ ሕማም ሽኮርያ ክህሉዎ ስለ ዝኽእል ሽኮር ክወሃብ ኣለዎ ዝብል'ዩ ነይሩ።

ኣማኻሪት፤ ኣስቴር፡ ናትኪ ሓሳብ ከ እንታይ'ዩ ነይሩ?

ደዋሊት፤ ዋእ! ንሕማም ሽኮርያስ ሽኮር! ሽኮራዊ ነገር ከይትበልዑ እናተባህለ ከመይ ገይርካ ኢኻ ሽኮር ክትህቦም። እዚ ኣብ ቡን ሻሂ እንጥቀመሉ ሽኮር፡ ንሽኮር ዘሎዎ ሰብ ጉዳኢ ምኳኑ ኢና እንሰምዕ። ንሽኮር ዘሎዎም ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ 40 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድመኡ ሰብ ክቕንስ ከም ዘሎዎ'ዩ እውን ዝንገረና። ሽኮር ዘሎዎም ሰባት ድማ ሕማቕ ምኳኑ'ዩ'ም ዝዛረቡ። ኣብዚ ከባቢየይ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ቈልዓ ዘሎዎም ስድራቤት ኣለዉ። ብተደጋጋሚ ዝረኸቦ ሽኮርን ሽኮራዊ ነገራትን እናበልዐ የሸግሮም'ዩ። በዚ ዝኣክል ቀጻሊ ሽኮሩ በዚሓ ተባሂሉ ንሆስፒታል ክጉዩ፡ እንሓንሳብ ድማ ወላዲቱ ደድሕሪኡ ወጺኣ ክትከታተሎ'የ ዝዕዘብ። ስለዚ፡ ውሑዱዎ ኢሎም ሽኮር ክህቡዎ ሰሚዐን ርእየን'ውን ኣይፈልጥን። ሓደ ሓደ ግዜስ ካብ ብዝሒ ሽኮር ዝተላዕለ ሃለዋቱ ኣጥፊኡ ኣብ ሆስፒታል ዝቕንየሉ ግዜ'ውን ኣሎ።

ደሓር ከኣ ዝኾነ ወዲቑ ዝጸንሓካ ሰብ ግድን ድዩ ሕማም ሽኮርያ ክህሉዎ? ንኣብነት እዚ ዝጠቐስኩልካ ቈልዓ እንተ ርኢና ሽኮሩ ልዒላ ሃለዋቱ ኣጥፊኡ እናበልና፡ ብሽም ወዲቑ ጸኒሑና ኢልና ሽኮር እንተ ሂብናዮ እንታይ'ዩ ክኸውን? ተመሊስና ንሽግሩ ምግዳድዶ ኣይኮነን? ኣነ'ኳ እዛ ሓፍተይ ብጌጋ ተረዲኣቶ ኣላ ዝብል ግምት'ዩ ዘሎኒ።

ኣማኻሪት፤ ዝኸበርኪ ኣስቴር፡ ሽሕ'ኳ ሕማም ሽኮርያ ዘሎዎም ሰባት ካብ ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘሎዎም መግብን መስተን ክጥንቀቑ ዝምከር እንተ ኾነ፡ ጠቕሊሉ ሽኮር ኣየድልዮምን'ዩ ክብሃል ግን ኣይከኣልን'ዩ።

ደዋሊት፤ ከመይ ከመይ?

ኣማኻሪት፤ መግቢ ምስ በላዕናዮ ኣብ ውሽጢ ኣካላትና ብዝካየድ መስርሕ ናብ ሽኮር (Glucose) ምስ ተቐየረ፡ ዋህዮታትና ክጥቀምሉ ይጅምሩ። እዚ ድማ ከም ነዳዲ ኮይኑ ንጥፈታትና ከነሰላስል ወሳኒ ተራ ይጻወት። እዚ ክብል ከለኹ ግድን ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ መግቢ ክንበልዕ ኣለና ማለት ጥራይ ግና ኣይኮነንን። ኣካላትና ካብ እንወስዶ መግቢ ሽኮር (glucose) ናይ ምምስራሕ ክእለት ኣሎዎ። በዚ ኣገባብ ናብ ሽኮር ክቕየር እንተ ክኢኺሉ'ዩ ድማ ኣካላትና ኣብ መዓላ ዘውዕሎ። እዚ ማለት ትሕዝቶ ሽኮር ካብ ካርቦሃይድረይት ዘሎዎ ከም ስርናይ፡ መሽላ፡ ስገም ዝኣመሰለ ኣእካል፣ ካብ ትሕዝቶ ፕሮቲን ዘሎዎ ከም ስጋ፡ እንቋቑሖ፣ ካብ ጥረታት ድማ ከም ዓደስ፡ ዓተር፡ ዓይኒ-ዓተር፡ ኣዳጉራ፡ ባልደንጓን ካልኦትን ክምስራሕ ይኽእል። ፕሮቲን ንነዊሕ እዋን ከይበላዕና ኣብ እንጸንሓሉ ግዜ ምንጩ ጸዓት ኮይኑ ዘገልግለና'ዩ። ብተወሳኺ ስብሒ ብውሑድ ዓቐን ክንወስዶ ዝግባእ ኮይኑ፡ ንኣካላትና ብዝሒ ጸዓት ካብ ዝህብ ዓይነት መግቢ'ዩ። ልዕሊ ዓቐን ምስ እንወስዶ ግና ንምጽኣብ ሻምብቆታት ደም ብምቅላዕ ንሕማም ወቕዒ ልብን ሓንጎልን ከቃልዓና ይኽእል'ዩ።

ደዋሊት፤ እሞ ሕጂ ሽኮር የድልዮም ስለ ዝኾነ ክወስዱ ኣሎዎም ዲና ንብል ዘለና?

ኣማኻሪት፤ ኣይከምኡን። ኣስቴር እዚ ዝሰማዕኪዮ ሓበሬታ ጌጋ የብሉን። እንታይ ደኣ መዓስን ኣብ ከመይ ኩነታትን'ዩ ዘድሊ ክንብል ይግባእ። ሓደ ሕማም ሽኮርያ ዘሎዎ ሰብ ክልተ ኣንጻር ኩነት ከጋጥሞ ይኽእል'ዩ። እዚ ማለት ብዝሒ ዓቐን ሽኾር ኣብ ደም፡ ከምኡ ድማ ዋሕዲ ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም።

ብዝሒ ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም፡ ብዝተፈላለየ ኩነታት ክኸሰት ይኽእል። ንኣብነት፤ ዘይግቡእ ምክትታልን ምርሳዕ መድሃኒትን፡ ዘይሃልኽ ወይ ልዕሊ ዓቐን መግቢ ምምምጋብ፡ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምዝውታር፡ ልዑል ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘሎዎም መግቢ ከም ምቁር ሕብስቲ፡ ካራሜላ ክልኦትን ምምጋብ፡ ብተደጋጋሚ ዓቐን ሽኮር ኣብ ደሞም ንኽልዕል ይገብር። ከም ሳዕቤኑ ድማ ክሳብ ሃለዋት ምጥፋእ ዘበጽሕ ሓልኪ ከስዕብ ይኽእል።

ብኣንጻሩ ድማ ዋሕዲ ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም ከጋጥም ይኽእል። እዚ ኩነት ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ምኽንያቱ፡ ነቲ ሰብ ተቐላጢፍና ብቕልጡፍ ክሓቅቕ ዝኽእል ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ መግቢ እንተ ዘይሂብናዮ፡ ህይወቱ ኣብ ሓደጋ ክኣቱ ይኽእል'ዩ። ምኽንያቱ፡ ሓንጎልና ብዘይ ሽኮር (glucose) ንንውሕ ዝበለ ግዜ ክጸንሕ ስለ ዘይክእል'ዩ። ብድሕሪ'ዚ ቀልጢፍና ናብ ትካል ጥዕና ክንወስዶ ይግባእ። ኣስቴር ኣለኺዶ ምሳይ?

ደዋሊት፤ እወ፡ እሰምዓኪ ኣለኹ። ግና ሕቶ ኣሎኒ። ኣቐድም ኣቢልኪ ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም እንተ ልዒሉ'ውን ሃለዋት ክሳብ ምጥፋእ ዘበጽሕ ሓልኪ ከም ዘኸትል ሓቢርክኒ ጸኒሕኪ። ስለዚ፡ ኣነ'ውን ኣብዚ ኩነት'የ ዘይተሰማማዕኩ። መውደቒኡ ምኽንያት ከይፈለጥና ከመይ ኢልና ሽኮራዊ መግቢ ንህቦ? ነቲ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ኮይኑ ንብሎ ዘለና መሊስና ምውሳኽዶ ኣይኮነን? እስከ ኣብዚኣ ኣብርህለይ?

ኣማኻሪት፤ ኣስቴር፡ ብሓቂ ክትከታተልኒ ከም ዝጸናሕኪ ዘጕልሕ'ዩ። አመስግነኪ ድማ። ልክዕ ኣለኺ፣ ሽሕ'ኳ ብምንታይ ምኽንያት ወዲቑ ኣሎ ክንፈልጥ ኣይንኽእል፡ እቲ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ኩነት ዋሕዲ ዓቐን ሽኮር ስለ ዝኾነ ሽኮራዊ ንህበሉ ምኽንያት ካብ ሞት ንምድሓን'ዩ። ግምትና ዋሕዲ ሽኮር እንተኸሎ እቲ ኩነት ብኣንጻሩ ምስ ዝኸውን፡ ዋላ ነቲ ኩነት የጋድዶ እምበር ናብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል ኣይኮነን። ከምቲ ኣቐዲመ ዝሓበርኩኺ ነዚ ድሕሪ ምግባርና ናብ ትካል ጥዕና ክንወስዶ ስለ ዘሎና፡ ኣድላዪ መርመራን ፍወሳን ረኺቡ ህይወቱ ክድሕን ይኽእል። ልዑል ዓቐን ሽኮር፡ ብመድሃኒት ከተጉድሎ ስለ ዝከኣል ኣሸጋሪ ኣይኮነን። ብግምት ልዑል ዓቐን'ዩ ኢልካ ብምሕሳብ ሓገዝ ዘይምግባር ግና ዋሕዲ'ውን ክኸውን ስለ ዝኽእል ኣብ ማእከል ጥዕና ከይበጽሐ ህይወቱ ክስእን ይኽእል'ዩ። ብፍላይ ካብ ትካል ጥዕና ርሒቑ ምስ ዝጸንሕ፡ እቲ ዕድል ዝያዳ ዝኸፍአ ይኸውን።

ስለዚ፡ እታ ቀንዲ መልእኽቲ ክንሕዛ ዝግበኣና፡ ሓደ ሕማም ሽኮርያ ዘሎዎ ሰብ ኣብ ኩነት ዋሕዲ ሽኮር ምስ ዝኣቱ፡ ሓንጎልና ብዘይ ሽኮር ንጥፈታቱ ከሰላስል ስለ ዘይክእል፡ ኣብ ውሽጢ ውሑድ ደቓይቕ ዋህዮታቱ ክመቱ ስለ ዝኽእሉ፡ ዋላ ሕማማ ሽኮር ኣይሃሉዎም፡ ተቐላጢፍና ቀልጢፉ ክሓቅቕ ዝኽእል ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ መግቢ ክንህብ ይግባእ። ምኽንያቱ ንኽነጻሪ ግዜ ዝህብ ኩነት ስለ ዘይኮነ።

ደዋሊት፤ እንታይ ትብሊ ጓለይ፣ ኣነ ደኣ ከምኡ ዘይመሰለኒ! በሊ እንቋዕ ደወልኩ። ብዙሕ ሓበሬታ ኢኺ ሂብክኒ የቐንየለይ። ብዙሕ'የ ዘመስግነኪ።

ኣማኻሪት፤ ኣነ'ውን ምኽሪ ደሊኺ ብምድዋልኪ ኣዝየ አመስግነኪ፣ ብሩኽ መዓልቲ።

***

## ልቦና
## ዝተሓብኣ ክቡር ግምጃ

"ንዓኻ ዝኸውን ጽቡቕ ዜና ኣሎኒ፣ ኣብ ልዕሊ መዐደኒ ወርቂ ኢኻ ኮፍ ኢልካ ዘለኻ፡" ይብል ማርክ ዲቪብሪስ ዝተባህለ ደራሲ ሓያሎይ መጽሓፍቲ። ቀጺሉ፡ "ካብ ትጽቢትካ ወጻኢ፡ ኣብ ትሕቲ መካበብያ ካንሸሎኻ፡ ሓደ ክቡር ግምጃ ተሓቢኡ ከም ዘሎ እንተ ትፈልጥ፡ እንታይ ኮን ምገበርካ? ከማይ እንተ ኼንካ ክትኩዕቶ ምጀመርካ፡" ይውስኽ። ከመይ ገይርካ ከም ዝጕሕጓሕ ዝተማህሩ ቍንጣሮ ምኳኖም'ዩ ግን ሚስተር ዲቭሪስ ዝገልጾ። እዚ ደራሲ ዝዛረበሉ ዘሎ ግምጃ ግን እንታይ እዩ? ኣበይከ ይርከብ? መልሱ ካብኡ ንረኽቦ።

"እዚ ኣነ ዝዛረበሉ ዘለኹ ግምጃ፡ እቲ ክልተ ቃላት ዝቖመ 'ግዜ' ዝብል ቃል እዩ።"

"ግዜ" ዝብል ቃል ክንሰምዕ ወይ ብዛዕባ ግዜ ክንሓስብ ከለና፡ ዕድመና እናወሰኸ (እናዓበና) ንኸይድ ምህላውና፡ ዝተወልደ ቈልዓ እናዓበየ ይኸይድ ምህላዉ፡ ዝሓሰብናዮ ይሰልጠና እንተ'ሎ፡ ብዛዕባ ዘሐብነና ወይ ዘጣዕሰና ፍጻሜታት፡ ወይ ድማ ብዛዕባ ዘሕለፍናዮ ጥዑም ይኹን ሕማቕ እዋን … ንሓስብ ንኸውን? ኩሉ ፍጡር፡ ህይወታዊ ይኹን ዘይህይወታዊ፡ ኣብ ግዜ ይፍጠርን ይነብርን። ግዜ ግን ዝያዳ ነቲ ህይወታዊ የገድሶ፣ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት። ዕድመ ንእስነት ምስ ዕድመ ዕምባባ ክዛመድ ይኽእል እዩ። ክልተኡ ንሓጺር ግዜ ብጽባቐ ተራእዮን ጸኒሑን ይቐየር ወይ ይቕምስል። ዕድመ ንእስነት ከም ምጥቃምካ፡ ውጽኢት ዕምባባ ከኣ ከም ክንክንካ እዩ።

ብቐጥታ ይኹን ብተዛዋዋሪ፡ ግዜ ዘይጸልዎን ዘየገድሶን ሰብ፡ ምፍላይ መንእሰይ፡ ክህሉ ኣይክእልን። ስለ ዝኾነ፡ መንእሰይ ኣብ ግዜ ዘሎና ርድኢት ከነዕብን ምሕደራ ግዜ ክንግንዘብን ንቕሰብ። ከምቲ ሚስተር ዲቭሪስ ዘመልከቶ፡ ንምጕሕጓሑ ጥበብ እንተ ኣጥሪኻ።

# መዛነዩ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ቻርለስ ፍረደሪክ ዎርዝ

እንግሊዛዊ ቻርለስ ፍረደሪክ ዎርዝ ናይ ፈለማ ፋሽን ሸው፣ (fashion show) ናብ መድረኽ ተዓዚቡቲ ዘቐረበ ዲዛይነር እናተባህለ እዩ ዝጽዋዕ። ንሱ ኣብ 1850 ዓም እዩ ኣብ ሳሎናት ፓሪስ ፈላሚ ምርኢት ፋሽን ሸው፣ ናብ ህዝቢ ዘቕረበ።



ብዙዕዶም ምርኢታት ድማ ክሰብ ሎሚ ከም ጀማሪ ናይ'ዚ ዓውዲ ይፍለጥ።

ፋሽን ሸው፣ ብዲዛይናት ዝውድብ ኢጋጥሚ ኮይኑ፣ ዘዳልውዎ ሓደስቲ ቅዲ ክዳን ምስ ዓማዊል ዘላልዩሉ መድረኽ'ዩ። ብምኽንያት ዝተፈላለዩ ወቕትታትን በዓላትን ብዓይነቶምን ትሕዝቶኦምን ዝፈላለዩ ዲዛይናት እዮም ዝቐርቡ።

ብኻልእ ወገኑ ኣመሪካውያን ሰፈይቲ ክዳን ነዚ ሓሳብ ብምውሳድ፣ ኣብ 1903፣ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ኣብ ዝርከብ ትካል ኣርሊች ብራዘርስ፣ ናይ ፈለማ ቅንያት ፋሽን ኣካይዶም። ብድሕሪኡ ድማ ኣብ 1910 ኣብ ኒውዮርክን ፊላደልፊያን ምርኢት ፋሽን ተወዲቡ። እቲ ዝቐረበ ምርኢት፣ ካብ ከተማ ፓሪስ ዝመጽኡ ጋውናትን ካብ ካልኦት ባህልታት ዝተቐድሑ ዲዛይናትን'ውን ተኣንጊዶም። ኣቕረብቲ ምርኢት፣ ድሌት ሸመትቲ ክዳን ንምርዋይን ብዙሓት ዓደግቲ ደቂኣንስትዮ ንምስሓብን ይሰርሑ ነይሮም።

ኣብ 1920ታት ሰፈይቲ ክዳን ኣመራጺ ኑዩም ምርኢታት ብድራማታትን ዛንታታትን ብምስናይ የቕርብዎም ስለዝነበሩ፣ ካብ ተዓዘብቲ ብዙሕ ኣድናቖት ይረኽቡ ነበሩ። ኣብ 1970ታትን 1980ታትን ብውልቂ ዝተወደቡ ኢጋጥሚታት ብዙሓት እዮም ቀሪቦም። ንቲ ስራሕ ከም ዝፍ ምንጪ ኣታዊ ብምሓዙ ዝተፈላለየ መደበራት ቴለቪዥን ንምቕላሑ ክጽዖ ይረኤያ ኣለዋ። ፓሪስ ቅኑ ፋሽን ሸው፣ ኒውዮርክ ቅኑ ፋሽን ሸው፣ ከምኡ'ውን ሚላኖ፣ ሎንዶን ገለ ካብቶም ልዑል ዝና ዘለዎም ቅኑ ፋሽን ሸው እዮም።

## ብሽክለታ ኣብ ሆላንድ

ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ኣደነቕቲ ምህዞታት ሓንቲ ብሽክለታ እያ። ኣብ 1839 ድማ እታ ክልተ ናይ ጣውላ መንኰርኰር ዝነበራ ምህዞ ፔዳል ተወሲኹ። እቲ ሓቀኛ



መልክዓ ክትሕዝ ከኣ ክኢሉት። ዝተፈላለዩ መካዚቲ ዝሓሸት ብሽክለታ ንምስራሕ ጸዓሩ። ኣብ 1870ታት፣ እቲ ቀዳማይ መንኰርኰራ ኣዝዩ ዓቢ፣ ዳሕረዋይ ከኣ ንእሽተይ ነበረ። ጸኒሑ ክልቲኡ ኣእጋራ ማዕረ ምስ ኩነ ክትዝውራ ዝቐለለት ክትከውን ክኢሉት። ከም ወጽኢቱ ብሽክለታ ተጠላበዛታ እናዓበየ ምስ ከደ ብቐልጢፉ ክትምዕብል ክኢላ።

ኣብ መላእ ዓለም ብጠቕላላ ሓደ ቢልዮን ዝበጽሓ ብሽክለታታት ከም ዘለዋ ይንገር። ብሽክለታ ናይ ሓበር መጓዓዝያ እናተባህለት እያ ትጽዋዕ። ኣብ ሆላንድ ተጠቃምቲ ብሽክለታ ኣዝዩ ልሙድ ኮይኑ፣ ንሓጺርን ነዊሕን ንምጉዓዝ ድማ ይሕግዙ። ሆላንድ፣ ብዘለዋ ምቹእን ምዕቡልን ትሕተ ቅርጺ፣ ንቕድድም ብሽክለታ ሓንቲ ካብተን ተመረጽቲ ሃገራት ምዃና ይፍለጥ። ኣብ ሆላንድ ባህሊ ቅድድም ብሽክለታ ናይ ነዊሕ ግዜ ሰረት ዘለዎ እዩ። ካብ 1911 ጀሚሩ ከኣ ካብ ዝኾነት ሃገር ኤውሮጳ ንላዕሊ "መሬት ብሽክለታ" እናተባህለት ትጽዋዕ። ኣፍሲ-ወጸፍ ሰብ ልዕሊ ሓንቲ ብሽክለታ ከም ዘውንን ይንገር።

ኣብ ሆላንድ ብዘይካ'ተን ብኤሌክትሪክ ዝሰርሓ፣ ኣስታት 23 ሚልዮን ዝበጽሓ ብሽክለታታት ኣለዋ። 2.3% ካብ ብሽክለታታት ዓለምና ኣብ ሆላንድ ከምዘለዋ'ውን ሰነዳት የረድኡ። ኣብ ወሽጢ'ታ ሃገር ካብ ዝግበር ካብን ናብን ምንቅስቓሳት፣ እቲ ኣስታት 28% ብብሽክለታ'ዩ ዝፍጸም። በዚ ከኣ ንተጠቀምቲ ብሽክለታ ዝኸውን መሳለጥያታትን መንገድታትን ኣብ ምፍጣር ልዑል ወፍሪ ዝገበረት ሃገር ክትከውን ኣኽኢሉዋ ኣሎ። ምኽንያቱ ብሽክለታ ምጉዓዝ ንጥዕናን ንጽሁይ ኣከባብን ኣገዳሲ እዩ ዝብል እምነት ኣሎ።

ሆላንድ፣ ዜጋታት ብብሽክለታ ንኽጉዓዙ ንምትብባዕ ዝተፈላለዩ ባይታ ከም እትፈጥር ይንገር። ንኣብነት፣ ብዙሓት ከተማታት ሆላንድ፣ ነቦታትን በጺሕትን ንሓጺር እዋን ብሽክለታ ክክረዩ ዘኽእሎም ባይታ ኣሎ። ብተወሳኺ መንግስቲ ሆላንድ ብብሽክለታ ንስራሕ ንዝኸዱ ሰራሕተኛታት ግብሪ የጉድለሎም። ብዙሓት ኣሰራሕቲ ድማ ንሰራሕተኛታቶም ከም ህያብ መተባብዒ፣ ብሽክለታ ይህቡ። ዴንማርክ፣ ጀርመን፣ ሸወደን ድማ ድሕሪ ሆላንድ ዝበዝሐ ተጠቃምቲ ብሽክለታ ዘርኣያ ሃገራት ኤውሮጳ እየን።

## ገዝሚ ኣብ ዝተፈላለየ ሕብረተሰብ

ገዞሚ ምስ ኩሉ ሻኺያታቱ ኣብ ብዙሕ ሕብረተሰብ ክወራረስ ጸኒሑ እዩ። ብፍላይ ኣብ ገለ ሃገራት ብዝለዓለ መልክዑ'ዩ ዝንጸባረቕ። ገለ ካብ'ተን ስድራ ጓለንስተይቲ ንእንዳ ወዲ ዘገዝማ ሃገራት፦

• ህንዲ፦ ኣብ ህንዲ፣ ድኻታት ስድራቤታት ንኣዘማድን ጎረባብትን ኣዋጺኦምና ብምግባ'የም ገዞሚ ጓል ዝኸፍሉ። ጉዳይ ገዞሚ ኣብ ከም ብዓል ህንዲ ዓቢ ኣርእስቲ እዩ። ኣብ ህንዲ፣ ጓለንስተይቲ ኣብ ትምርዓወሉ ግዜ ስድራ መርዓት ንስድራቤት መርዓዊ



ህያባት ወይ ገንዘብ ይህቡ። እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ስድራቤት መርዓት ዓቢ ገንዘባዊ ጾር የስዕብ። ኣብ ገለ ኢጋጥሚታት ምስ ገዞሚ ዝተኣሳሰሩ ጸገማት ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ስምዒታዊ መጥቃዕትን መጉዳእትን ክሳዕ ሞት ከይተረፈ ዝበጽሕ ገበናት የስዕብ። ኣብ ህንዲ ምስ ገዞሚ ዝተኣሳሰሩ ጸገማት ኣብ ዓመት 2021 ኣስታት 6,800 ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝሞታ ይፍለጥ። ብሓፈሻ ክብረት ናይታ መርዓት በቲ እትግዝኦ ገዞሚ እዩ ዝልካዕ። ጓለንስተይቲ ስድራኣ ነቲ ዝተሓተተ ገዞሚ ኣብ ዘይሸፍኑሉ እዋን፣ ብስቡኣያ ወይ ብሓሜታ ዓቢ መግረፍቲ እዩ ዝኾጥሞ። ደቂ ኣንስትዮ ከምዚ ዓይነት ግፍዐን ግህሰትን ምስ ኢጋጠመን ኑብሱ ቅትለት ይፍጽማ እየን። እዚ ዓይነት ባህሊ ኣዝዩ ጉዳኢ ባህሊ እዩ።

• ኬንያ፦ ኣብ ከም 'ሉህያ' ዝኣመሰሉ ማሕበረሰባት ምዕራባዊ ኬንያ፣ ስድራቤት መርዓት ንስድራቤት መርዓዊ ኣቑሑ ወይ ገንዘብ እዮም ዝገዝሙ። ኣብ'ቲ ባህላዊ መርዓ፣ መርዓት ንኣባ ብዓል ቤታ ወይ ሓሙኣ ከተረክቦ ትጸበት ይግበር። እዚ ድማ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብዓይነት ክኸውን ይኽእል።

• ርዋንዳ፦ ኣብ ርዋንዳ "ጉሳብ" ዝበሃል ልምዲ ኣሎ። እዚ ልምዲ'ዚ፣ ስድራ መርዓት ንስድራቤት መርዓዊ ብወግዒ ሕቶ መርዓ ዘቐርቡሉ ስነስርዓት እዩ። እዚ ድማ ከም ምልክት ምኽባርን ሞሳን ይቑጸር። እቲ ዝወሃብ ገዞሚ ከም ጥሪት፣ ክዳውንትን ኣቑሑ ገዛን ካልእ ነገራትን የጠቓልል። እቲ ገዞሚ፣ መርዓት ንመርዓዊ ዘለዋ ድልውነትን ስድራኣ ንስድራቤት መርዓዊ ኣፍልጦ ምሃብን ዘንጸባርቕ እዩ።

• ካሜሩን፦ ኣብ ብዙሓት ዋሚለኸን በቲን ናይ ካሜሩን መርዓት ንስድራቤት መርዓዊ መበዝሕትኡ ግዜ ህያባት ወይ ገንዘብ ክትህብ ይርከ። እቲ ዝወሃብ ገዞሚ ብዓይነቱ ክፈላለ ይኽእል እዩ። ከም ጥሪት፣ ገንዘብ፣ ክዳውንቲ ወይ ካልእ ክቡር ነገራት ከኣ የጠቓልል። ስድራቤት መርዓት ንስድራቤት መርዓዊ ናብ ገዛኦም ብምኻድ የቕብልዎም። እዚ ከኣ ከም ምልክት ኣኽብሮትን ምስጋናን ኮይኑ የገልግል። እቲ ዝወሃብ ማጠን ገንዘብ ኣብ ዓቕሚ ማሕበራዊ ደረጃ ናይተን ስድራቤታት ክምርኰስ ይኽእል።

• ማውሪታንያ፦ ኣብ ባህላዊ ሕብረተሰብ ማውሪታንያ፣ እቲ ብ"ማህር" ዝፍለጥ ገዞሚ ናይ መውሰቢ ብተለምዶ መርዓት ንመርዓዊ ወይ ንስድራኡ እዩ ዝወሃብ። እቲ ማህር ወይ ገንዘብ ስልማት ወይ ካልእ ክቡር ንብረት ከጠቓልል ይኽእል። ዕላማኡ ድማ ንመርዓት ከም ፋይናንሳዊ ውሕስነት ንኸገልግል፣ ከምኡ'ውን ንመርዓዊ ኣብ ናብራኡ ንኽድግፎ ይሕግዝ።



### ጥቕስታት መዛነዩ

- "ናይ ብሓቂ ገለ ነገር ክትገብር እንተደሊኻ፣ መገዲ ክትረኽብ ኢኻ። እንተ ዘይገደርካዮ ግን መመኽነይታ ክትድርድር ኢኻ" - ጂም ሮን
- "ኩሉ ዕብየት፣ ኣብ ምዝዛም ናይ'ቲ ብቐጻሊ እትነብሮ'ዩ ዝጅምር" - ቶኒ ሮቢንስ
- "ኣእምሮ እቲ ዝሓየለ ጭዋዳ እዩ" - ቱንዴ ኦናኮያ
- "ንኣካላትካ ልክዕ ከም እተፍቅሮ ሰብ ገይርካ ተኸናኸኖ"- ሃና ኮርቢን።
- "ኣብ ናይ ገዛእ ርእሰይ ህይወት ተሳፋራይ ክኸውን ኣይደልን እየ"- ዳያን ኣከርማን
- "ምስጢር ለውጢ፣ ኩሉ ጸዓትካ ምስቲ ኣረጊት ዘይምቅላስ ኣብ ምህናጽ እቲ ሓድሽ ምትኳር እዩ" - ሶቕራጥስ
- "ዓበይቲ ነገራት፣ ካብ ተወፋይነት፣ ኣብርቲዕካ ምስራሕን ብዝሓየለ መልክዕ ምዝዛምን እዮም ዝመጽኡ" - ጋሪ ራያን ብሌር
- "እወታዊ ኣተሓሳስባ ካብ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ንላዕሊ ኣብ ኩሉ ዝሓሸ ክትከውን የኽእለካ" - ዚግ ዚግላር

## ብዛዕባ ዓደስ

ካናዳ ኣብ ዓመት 2024 ኣስታት 2.5 ሚልዮን ቶን ብምፍራይ ዝለዓለ እቶት ዓደስ ዘፍረየት ሃገር ኮይና ተመዝጊባ ኣላ። ህንድን ኣውስትራልያን'ውን ኣብ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ተሰሪዐን ኣብ ዓመት 2024 ዝለዓለ ፍርያት ዘፍረያ ሃገራት ኮይነን ኣለዋ። ዓደስ ብዝተፈላለየ መልክዑ ክውሰድ ዝኽእል ዓይነት መግቢ እዩ። ዓደስ፣ ብዘለዎ ልዑል ትሕዝቶ ፕሮቲንን ጽሕጎን ተመራጺ ዓይነት መግቢ እዩ። ዓደስ፣ ሃብታም ትሕዝቶ መኣዛታትን ምቁር ጣዕምን ዘለዎ፣ ብቐሊሉ ዝዳለውን ብዋጋ'ውን ሕሱር ብምዃኑ፣ ባህላዊ መግቢ ብዙሓት ሃገራት'ዩ። ኣብ ሃገርና'ውን ዓደስ ታሪኻውን ኣገዳስን ዓይነት መግቢ'ዩ።

ገለ ካብ'ቶም ኣብ ዓደስ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ መኣዛታት፦

• ፕሮቲን፦ ብመሰረት ክኢላታት መግቢ፣ ዓደስ እቲ ዝበለጸ ምንጪ ውሑድ ስብሒ ዘለዎ ፕሮቲን'ዩ። ፕሮቲን ንህንጻት ኣካላት ልዑል ኣስተዋጽኦ ከም ዘለዎ ይሕበር።

• ጽሕጎ፦ ዓደስ ብትሕዝቶ ጽሕጎ ዝሃብተመ ኮይኑ፣ ኣብ ምሕቃቕ መግብን ምንካይ ዘይተደለየ ኮለስትሮልን መሪሕ ተራ ኣለዎ።

• ቫይታሚናትን ማዕድናትን፦ ዓደስ፣ ሃብታም ትሕዝቶ ቪታሚን ቢ ኣለዎ። ከምኡ ድማ ከም ሓጺን፣ ፖታሽየምን ማግኒዝየምን ዝኣመሰለ ልዑል ዓቕሚ ማዕድናት ዝሓዘ'ዩ። በዚ ከኣ ንሰብነትና እኹል ጸዓት ኣብ ምሃብ፣ ማጠነ ኣደሃህና ኣብ ምሕያልን ካብ ሕማማት ኣብ ምክልኻልን ዓቢ ግደ ኣለዎ። ብዘይካ'ዚ፣ ስሩዕ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ክህሉ ዝሕግዝ ምኻኑ ክኢላታት ይሕብሩ። ዓደስ ምምጋብ ካብ'ቲ ኣብ ቀይሕ ስጋ ዘሎ ኮለስትሮል ዘስዕቦ ሕማማት ካንሰርን ልብን ናጻ ይገብረና። ንስርዓት ምሕቃቕ መግቢ የበራትዖን ካብ ሕማም ኣሞሮይድ ይከላኸለልና። ልዑል ማጠን ማግኒዝየምን ፎሊክ ኣሲድን ስለ ዘለዎ ከኣ ንስርዓት ዑደት ደም ኣብ ኣካላትና ዝሕግዞን ካብ ሕማማት ልቢ ዝከላኸለልን ምዃኑ ክኢላታት ይሕብሩ። መጠልታዊ ሓደ ብኬሪ መረቕ ዓደስ ምስታይ ንዋሕዲ ደም ከም ዝከላኸል ክኢላታት ይምዕዱ።



# ዛዕባ ሎሚ

## ዓለም-ለኻዊ ሕጊ ባሕሪ እንታይ እዩ?

ግርማይ የማነ (ር.ያድ)

መሰል ኣፍደገ ባሕሪ ዝብል ምጉት ብተሓላቕቲ ዓባይ ኢትዮጵያን ዓባይ ትግራይን ብጽውጽዋያዊ ታሪኽ ተሰኒዑ እናቐረበ፡ ኤርትራ ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ኣባል ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ዝኾነትሉ እዋን ከይተረፈ ዝቕጽል ዘሎ ሕልሚ እዩ። እዚ ነዊሕ ዝኸደ ናይ ልሂቃን ኢትዮጵያውያን ምጉት ውልቃዊ ርእይቶ ካብ ምዃን ሓሊፉ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብደረጃ መንግስቲ ዛዕባ ኮይኑ፡ ኣብቲ 'ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ' ዝበሎ፡ "ንጣዕሚ ማይ ክሰብ ባሕሪ" ዝብል ኣርእስቲ ብወግዒ ምቕራቡ ኣይርሳዕን።

ድሕሪ'ቲ ኣብ ፓርላማ ዝቐረበ ኣስተምህሮኣዊ ክበሃል ዝከኣል መደረ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ደይ መደይ ኣሉ ምሁራትን ናይ ሕጊ ክኢላታትን ዝበሃሉ (ብልክዕ ግን ታሪኽን ሕግን ዘይፈልጡ ወይ ዝኸሕዱ) ኣብ ቴለቪዥን ኢትዮጵያ እናቐረበ፡ ዓመት መመላእታ ብዘይምቁራጽ ኣኺኑ ክምዝርይዱ ጊዶሩ። ካብኡ ሓሊፎም እውን ሰበስልጣንን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ካልኦት ሓለፍትን ኢትዮጵያ፡ ኢጋጣሚታት ኣብ ዝተረኽብሉ 'ኢትዮጵያ ኣብ ቀረባ እዋን ወናኒት ኣፍደገ ባሕሪ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ክትከውን እያ' እናበሉ ንኹናት ዝቶኽትኽ ዘረባታት ብጨቕ ኩቡሉ ሓዊዮምን ከሪምምን።

ተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕሪ ብዘምልክት ሕቶ ምቕራብ ነውሪ ኣይኮነን፣ ጉዳይ መሰል ምጥቃም ባሕርን ነጻነት ምትሕልላፍን ምንዕዓዝን ንብረት ካብን ናብን ባሕራዊ ጠለብ እዩ። 'ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ' ዝብል ሕቶ ግን ብቐጥታ ንልኡላውነት ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝተደኮና ሃገራት ዝግህስ እዩ። ኣመታት ናይቲ ዘረባ ብቐንዱ ናብ ኤርትራ ዝቐንዐ ምስ ምዃኑ፡ ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ብቐጥታ ንልዑላውነት ሃገረ ኤርትራ ዝደፍር እዩ። ከምዝፍለጥ ጉዳይ ኤርትራ ኣብ 1991 ብወተሃደራዊ ዓወት፡ ኣብ 1993 ድማ ብህዝባዊ ረፈረንዱም ሕጋዊ መደምደምታ ዝተገበረሉ ዓለም ብዓለሙ እንተላይ ኢትዮጵያ ኣፍልጦ ዝሃበቶ እዩ። ኤርትራ ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ኢያ።

ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት 1900ን 1902ን 1908ን ዶባት ምድራን ባሕራን ኣየራን ንጹራትን ብዓለም-ለኻዊ ሕጊ ዝተረጋገጹን እየን። ድሕሪ ወራር ወያነ ኣብ ኣልጀርስ ዝተፈረመ ውዕልን ብኡ መሰረት ቶግዮ ተላንጺጹ ዝተመልከተ ዶባትን ድማ ደጊሙ ኣደማሚቑዎ እዩ። ብ1964 ኣብ ከተማ ካይሮ ንልዑላውነት ሃገራት ኣመልኪቱ ዝጸደቐ ውዕል ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ካብ መግዛእቲ ዝተወርሰ ዶባት 'ፍጹም ዘይትንከፍ መሰረት ቀጻልነት ሃገራት ኣፍሪቃ እዩ' ኢሉ ኣሰፊሩዎ ደርኪቡ።



ተሓላቕቲ ዓባይ ኢትዮጵያን ዓባይ ትግራይን ዘምጽእዎ ምጉት ዋንነት ባሕሪ፡ ኣብቲ ናይ ሰለስተ ሽሕ ዓመታት ጽውጽዋያዊ ታሪኽ ኢትዮጵያ መሰረት ዝገበረ ፍጹም ታሪኻዊ ሓቅነት ዘይብሉ ኮይኑ፡ ንህልው ኩነታት ናይዚ ዞባ ዘየንጸባርቕ፡ ኑቲ ብዉሒ መሰርሕ ዝሓለፈ ጆግራፊያውን ዲሞግራፊያውን ምዕባለታት ቀደምን ድሕርን መግዛእቲ ኣብ ግምት ዘየእተወ እዩ። ኣብ ዓለምና ኣዝዮም ብዙሓት ጥንታዊ ስልጣኔታት ነይሮም እዮም። ሞሶፖታምያ፡ ግሪኽ፡ ሮማ፡ ኦቶማን ወዘተ. ኣብዚ ናይ ሎሚ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድማ ቀደም ኣብ ኣዱሊስ ድሓር ድማ ኣብ ኣኽሱም ዓንበቦም ዝጠፍኡ ስልጣኔታት ነይሮም። ዝም ናይ ቀደም ስልጣኔታት እናጠቐስኩ፡ ዶብና ክሰብ ኣብዚ ይዝርጋሕ ነይሩ እናበልካ ዘይነበረ ሓድሽ ግዝኣት ክትፈጥር ምፍታን ከኣ ንዓለም ናብ ዘይውዳእ ሕንፍሽፍሽን ኩናትን ከምርሓ ዝኽእል እዩ።

ብታሪኻዊ ሓቂ እዛ ሕጂ ኢትዮጵያ እትብሃል ዞባ ሃገር መቐጸልታ ናይታ ቀደማ ኣማኢት ዓመታት ዓንበቡ ዝጠፍአ ንግስነት ኣኽሱም ኣይኮነትን። ታሪኽ ኣመጻጽኣ ናይ ሎሚ ሃገራት ዓለምና ብዕቱእ ንዝጸንዕ ኢትዮጵያ ምስ ምምቕቓል ኣፍሪቃ (The Scramble of Africa) ብኤውሮጳውያን፡ ምስ ኤርትራን ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃን ኣብ ሓደ ከባቢ እዋን ዝተፈጥረት ሃገር ኢያ። ኢጣልያ ንፈለማ እዋን ዓሰብ ኣብ ዝረገጸትሉ እዋን፡ እቲ ድሓር ንሃገረ ኢትዮጵያ ዝመስረተ ሃጸይ ምኒሊክ ኣብ ስልጣን እውን ኣይነበረን። ቀደማ ሃጸይ ምኒሊክ ድማ ነዛ ሕጂ ኢትዮጵያ እትብሃል ዞባ ሃገር ብሓበር ዘመሓደር ንጉስ ወይ መስፍን ኣይነበረን። ቀድሚ ምኒሊክ ኣብዚ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ኩቶም ከባቢታት ዘመሓድሩ ናይ ሸዋ፣ ጎጃም፣ ወሎን ትግራይን ነገውሰን ራእሲታትን እየም ዝነበሩ። ዛ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ንፍርቃ እውን እንተኾነ ኣማእኪሉ ዘመሓደረ ግዝኣት ኣይነበረን።



ብዘይካ'ቲ ምስ ሰራዊት ጣልያን ተጋጢሞ ካብ ዶጋሊ ዝተመለሰ ሃጸይ የሃንስ፣ ዋላ ሓደ ካብዞም ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ዝበሩ ነገውስን ራእሲታትን ናብ ገምገም ባሕሪ ቀረቡ ዝፈልጥ የለን። መሬት ኦሮሞ ሃጸይ ምኒሊክ ኣብ 1900 ብሓይሊ ዝወረሮ እዩ። ብወራራት ምኒሊክ (ናይ ሸዋ ንጉስ) ብሓይሊ ተገዲዱ ናብዛ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ዝተጸንበረ ህዝቢ ኦሮሞ ድኣ ከመይ ኢሉ ታሪኽ ኣኽሱምን ዛንታ ነገውስ ኣምሓራን ትግራይን ታሪኹ ክኸውን ይኽእል? ህዝቢ ኤርትራ እሞ ከኣ፡ ብጆካ እተን ሰላሳ ዓመታት ብውዲት ኣመሪካን ምዕራባውያንን ብፌደረሽንን ገብጣን ምስ ኢትዮጵያ ዝተጸንበረሉ እዋን፡ ብፍላይ ህዝቢ ምብራቓውን ምዕራባውን ቦታታት ኤርትራ እንተላይ ቀይሕ ባሕሪ ምስ መሳፍንቲ ኣበሲንያ ርክብ እውን ኣይነበሮን። ንልዕሊ ኣርባዕተ ሚእቲ ዓመታት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኦቶማንን ግብጽን ጣልያንን እንግሊዝን እዩ ዝነበረ።

### መሰል ተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕሪ እንታይ'ዩ?

ኣብ ዓለም 44 ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ኣለዋ። ካብዘኣተን ንኢትዮጵያ ሓዊስካ 16 ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከባ እየን። መሰል ተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕርን ነጻነት ምስግጋር ንብረትን ሕጋዊ ሕቶ ናይዘን ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት እዩ። እዚ መሰል'ዚ እንታይ ምዃኑን ኣጠቓቕማኡን ታሪኻዊ ኣመጻጽኣኡን ምርኣይ እምበኣር ኣገዳሲ ይኸውን። ኣብ ኤውሮጳ ንኣሽቱ መራኽብ ዘንሳፍፍሉ 'ራይን' ዝበሃል ፈለግ ኣሎ። ካብ ሃገረ ስዊስ ተበጊሱ ብዶባት ፈረንሳይን ጀርመንን ኣቢሉ ኣብ ሃገር ዝርላንደስ ከተማ ኣምስተርዳም ዝዋርፍ ልዕሊ 1200 ኪ.ሜ. ንውሓት ዘለዎ እዩ። ሃገረ ስዊዝርላንድ ኣፍደገ ባሕሪ ስለ ዘይብላ፡ ኣብዚ ፈለግዚ ነጻ ምንቅስቓስ መራኽብ ዘፍቅድ ስምምዕ ክግበር ብምጥላብ ብ'ውዕል ቪየና' ዝፍለጥ ስምምዕ ኣብ 1804 ተኸቲሙ። ቀጺሉ ድማ 'ጉባኤ ቪየና' ተባሂሉ ዝፍለጥ ነጻነት ምንስፋፍ መራኽብ ብዘይ ኣድልዎ ኣብ ዓለምለኻዊ ኣፍላጋትን ካብኡ ዝምንጩ ውሓይዛትን ዝብል ስምምዕ ኣብ 1814 ተፈሪሙ። ብድሕሪዚ ብ1921 ብ'ውዕል ባርሰሎና' ዝፍለጥ ነጻ ምትሕልላፍን ምንቅስቓስን ንብረት ብሓዲዳት ባቡርን ብተንሳፈፍቲ መራኽብን ዘውሕስ ንጹጥታዊ ድሕነት መተሓላለፍቲ ሃገራት ኣብ ግምት ዘእተወ ስምምዕ ተበጺሑ። ኣብ 1965 'ውዕል ኒውዮርክ' ተባሂሉ ዝፍለጥ መሰል ነጻ ምትሕልላፍ ኣብ ባሕሪ ዘውሕስ ስምምዕ ድሕሪ ምብጻሑ ኣብ 1967 ኣብ ግብሪ ውዒሉ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ብፍሉያት ኣካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ካብ 1970 ክሳብ 1980 ድሕሪ ዝተኻየደ ዘተ፡ ኣብ 1981 ብስም "ሕጊ ባሕሪ" ዝፍለጥ ኣህጉራዊ ስምምዕ ተበጺሑ ኣብ 1994 ድማ ግብራዊ ኮይኑ።

ኣብ "ሕጊ ባሕሪ" ሕቡራት ሃገራት ኣብ ክፍሊ X ናይ'ቲ ስምምዕ ዓንቀጻት 124-132 መሰል ተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕሪ ነተን ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ዝገልጽ እዩ። ዓንቀጽ 125 ከኣ ኣብ ሰለስተ ክፍልታት ዝተመቕለ ኮይኑ ብዝያዳን ብንጹርን ኑቲ መሰል ተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕሪ ከምኡ'ውን ካብን ናብን ኣብ ባሕርን መሬትን ነጻነት ምትሕልላፍ ዝምልከት ኮይኑ ንኡሳን ዓንቀጻቱ ከምዚ ይብል፦

ዓንቀጽ 125 (1) ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ኣፍደገ ባሕሪ ካብን ናብን ባሕሪ ናይ ምጥቃም መሰል ይህልወን። ብተወሳኺ ኣብ ዓለማዊ ማያትን ምስኡ ዝተኣሰረ መሬታዊ ኣካልን ክንቀሳቐሳ መሰል ይህልወን። በዚ ድማ እዘን ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ብየገዝኣት ናይተን መተሓላለፍቲ ሃገራት ኩሉ ዓይነት ናይ መሬትን ባሕርን መጓዓዝያ ክጥቀማ ይኽእላ።

ዓንቀጽ 125 (2) ኣገባብን ኣጠቓቕማን ነጻነት ምትሕልላፍ ብስምምዕ እታ ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላን መተሓላለፊት ሃገርን ብክልተኣዊ ወይ ሓወሲ ዞባዊ ወይ ድማ ብዞባዊ ስምምዕ ይኸውን።

ዓንቀጽ 125 (3) መተሓላለፍቲ ሃገራት ኣብ መሬተን ምሉእ መሰል ናይ ልዑላውነት ሃልየወን ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ዝወሃባ ኣገልግሎት ንሕጋዊ ረብሓ መተሓላለፊት ሃገር ዘይጻረር ክኸውን ኣለዎ።

ሕጊ ባሕሪ ሕቡራት ሃገራት እምበኣር፡ ብሓደ ሸነኽ ነተን ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ኣፍደገ ባሕሪ ንኽጥቀማ መሰል ዝሀብ ኮይኑ፡ ብኻልእ ሸነኽ ድማ ልዑላውነት ናይ ኣኣንጻዲት ሃገር ፈጺሙ ዘይጠሓስን ዝተኸበረን ምዃኑ ዘረጋግጽ እዩ። ካብዚን ዝተጠቕሳ ሰለስተ ዓንቀጻት ሓንቲ ጥራሕ ወሰደካ እቲ ካልእ ዝገደፍ ኣይኮነን። ሰለስቲኡ ዓንቀጻት ተወሃሂዱ ንርግኣትን ምትሕግጋዝን ሃገራት ዘረጋግጽ እዩ።

ናብ ዝሓለፈ ታሪኽ ምስ እንምለስ፡ ብ12 ሓምለ 1929 ኣብ መንኣ መንግስቲ ኢጣልያን (ግዝኣ. ኤርትራ) መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝተበጽሐ ስምምዕ ነይሩ። እቲ ስምምዕ ኢትዮጵያ ኣብ ወደብ ዓሰብ ነጻ ዞባ ተፈቒዱላ መኽዚኖታት ኣሰራሓ ክትጥቀም መንግስቲ ኢጣልያ ከምዝፍቀደ ዝገልጽ እዩ። ድሕሪዚ ስምምዕ ድማ ንዓሰብ ምስ ደሴ ዘራኽብ ጽርግያ ተሃኒጹ። ኣብ ኣፍሪቃን ኣብ ካልኦት ዓለምን ዝርከባ ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት እውን ብኸምዚ ዓይነት ስምምዕ እየን ዝሰርሓ። እቲ ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ምጥቃም ስምምዕ ክልተኣዊ፡ ሓወሲ ዞባውን ዞባውን ክኸውን ይኽእል። ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ እውን ክሳብ'ቲ መንግስቲ ወያነ ባዕሉ 'ባሕርም ማስተዩ ኣጥማል ይግበርዎ'' ኢሉ ዝሕሰሞ፡ ኢትዮጵያ ብክልተኣዊ ስምምዕ ወደብ ዓሰብን ምጽዋዕን ትጥቀም ነይራ እያ። ብሸነኽ ጆቡቲ፡ ሶማል፡ ኬንያን ሱዳንን እውን ብዙሕ ኣማራጺታት ሒዛ ናይ ወደብ ኣገልግሎት ክትረኽብ ጸኒሓን ኣላ።

ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ሃገረ ቦሊቭያ ካብ 1904 ጀሚራ ብናይ ቺለ ወደባት ብስምምዕ ትጥቀም ነበረት። እንተኾነ ከምዚ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ እንዕዘቦ ዘሎ ስስዐን ቅንኢን ዝደረኾ፡ ቦሊቭያ ኣብ 2013 'ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ይግብኣኒ'ዩ' ዝብል ክሲ ናብ ቤት ፍርዲ ዓለም (ICJ) ኣቕሪባ። እንተኾነ ድሕሪ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ምጉት እቲ ክሲ ውዱቕ ኮይኑ፡ ከም ቀደማ ብሓባራዊ ስምምዕ ክትጥቀም ተበይኑ። እቲ ብዓለም ዝተኸሰ ጎበጣ ዓራቕ ኣብ ልዕሊ ኩውይት፡ ከምዚ ናይ መራሕቲ ኢትዮጵያ ስስዐ ዘለዓዓሎ ዕቡዳንን ጽላለን እዩ ነይሩ።

ኢትዮጵያ ዘለዋ ቁጠባዊ ጸገማት ምስ ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ኣተኣሳሲሮም ክገልጹ ዝፍትኑ ንሰምዕ ኢና። እዚ ግን ዝሓለፈ ታሪኽ ብዕቱእ ዘይምዕዙብ እዩ። ኢትዮጵያ ብውዲት ምዕራባውያን ንሰላሳ ዓመታት ወደባት ኤርትራ ክትቆጻጸር ዕድል ረኺባ ነይራ እያ። ኣብዚ ወደባት ኤርትራ ከም ድላያ ትጥቀመሉ ዝነበረት ግዜ እውን እንተኾነ፡ ኢትዮጵያ ካብ ድኽነትን ሕሰም ጥምየትን ተገላጊላ ኣይትፈልጥን። ሕላገት ጥሜት ኣብ ዓለምና ምንባራ ዝዘከር እዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ብዘሓ. ህዝቢ፣ ቅርበት ንባሕሪ፣ ዓሌታዊ ምትእስሳር ኣብ ዶባት ዝርከቡ ህዝብታት፡ ጽውጽዋያዊ ታሪኽ ዝኹ እኒ እኒ፡ ኣብ ዓለምለኻዊ ሕጊ ባሕሪ ፍጹም ዘይጥቀሰን ተቐባልነት ዘይብሉን እዩ። እዚ ሕጂ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቀርብ ዘሎ ካብ ሕጊ ዝወጸ ኣኽራሪ ብቐንዱ ንኢትዮጵያ ዝዛሲ ከም ናይ ኢጋዴን ዓፋርን ካልኦትን ዝኣመሰለ ሕቶታት ዝቕስቅስ እዩ። ብሓፈሻ ድማ ንስምምዕ ሕብረት ኣፍሪቃ ናይ 1964 ዘፍርስን ንመላእ ኣፍሪቃ ሕንፍሽፍሽን ምብትታንን ዘፈጥርን ብምዃኑ ብዝኾነ ወገን ተቐባልነት ክረክብ ኣይክእልን።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደሃይ ተቐዳደምትና
### ቢንያም፡ ንቐዳመይቲ ዓወት ናይዛ ዓመት የቋምት

ዕወት ቀጠልያ ማልያ ዙር ፈረንሳ 2024 ዝኾነ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ - ቢንያም ግርማይ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ በልጅዩም ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ተጻዊቱ።

እዚ 'ገንት ወቨልገም ፍላንደርስ' ተባሂሉ ንመበል 87 ግዜኡ ዝተኻየደ ናይ ክላሲክ ውድድር፡ 250.3 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ኮይኑ፡ ሓደ ካብ ዝፈለጡ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድራት እዩ። ኣብ 2022 ድማ፡ ቢንያም፡ ተዓዊቱሉ ምንባሩ ይዝከር።

ኣብቲ ናይ ሰንበት ውድድር ሓደ ካብቶም ክዕወቱ ግምት ዝተዋህቦም'ውን ነይሩ - ቢንያም። ምስታ ካብ ዕወት 49 ካልኢት ድሒራ ዝኣተወት ጉጅለ ኣብ ዝዘበጠ ሸኻ ድማ፡ ሻዱሻይ ብምኧታው፡ ሻውዓይ ደረጃ ሓዙ ዛዚሙ።

ተቐዳዳማይ ሊድል ትረክ - ማድስ ፐደርሰን፡ ውድድር 52 ኪሎሜተር ምስ ተረፎ ብዘበጠ መጥቃዕቲ'ዩ ንበይኑ ተጓዒዙ - ብ5 ሰዓት፡ 30 ደቒቕን 21 ካልኢትን ብዘይተቓጸጸ ቀዳማይ ኣትዩ። ብሓፈሻ 50 ናይ ፕሮፈሽናል ዓወት ዝሰልዐ እዚ ደኒማርካዊ፡ ናይ ዓሚ ዕወት ናይዚ ውድድር'ውን ምንባሩ ይዝከር።

ዓሚ'ውን ብተመሳሳሊ ሻውዓይ ደረጃ ሓዙ ዝበረ ቢንያም፡ ዛጊት ኣብዚ ዓመት ቀዳማይ ክኣቱ ኣይከኣለን ዘሎ። ዝሓለፈ ዓመት ብ25 ጥሪ ኣብ ኣውስትራልያ ቀዳማይ ብምኧታው፡ ነታ ዓመት ቀልጢፉ ብዓወት ክምውሳ ክኢሉ ነይሩ። ኣብዚ ወቕቲ ወላ'ኳ ቀዳማይ ኣይኣቶ ግን፡ ሓደ ካብቶም ተጠመትቲን ንዓወት ዝቐርቡ ተቐዳደምቲን ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ ዓወት ዝመልሶ ቁመና ከምዝለዎ'ውን ይእመነሉ።

እዚ ኦሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ፡ ጸባሕ ረቡዕ ካብ በልጅዩም ከይወጸአ ኣብ 'ደዋርት ዶር ፍላንደረን' ዝተባህለ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ክጻወት ምኳኑ፡ ሰሌዳ ውድድሩ የረድእ። ጽቡቕ ዕድል!

ብዘይካ'ዚ፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ሄኖክ ምልእብርሃንን ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄርን ክሳተፍዎ ዝቐጸሉ 'ቮልታ ችክሊስታ ካታሎና' ሰንበት ተዛዚሙ።

እዚ ውድድር፡ ብዓወት ስሎቬንያዊ ተቐዳዳማይ ቦራ ሃንስየርብ - ፕሪሞዝ ሮግሊች እዩ ተዛዚሙ። ኣባል ሊድ ትረክ - ኣማኑኤል፡ ኣብ ሓፈሻዊ ግዜ መበል 57፡ ተቐዳዳማይ ኣስታና - ሄኖክ ድማ፡ መበል 88 ወዲኦም። ዝሰዐበ ውድድር እዞም ክልተ ተቐዳደምቲ፡ ዛጊት ኣበይ ምኳኑ ኣይተፈልጠን።



ቢንያም፡ ብጸጋም መጀመርያ ዘሎ

## ስፖርታዊ ውድድራት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ይቕጽል



ስፖርታዊ ውድድር ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ሰንበት ብናይ ፍርቂ ፍጻመ ኩዕሶ እግሪ ቀጺሉ ነይሩ።

ኣብዚ ናይ ዕድመ 15ን ትሕቲኡን ውድድር፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንሓሊዩ 6-0፡ ልምዓት ንሰምበል ከምኡ'ውን ቀይሕ ባሕሪ ንኢብራሂም ሱልጣን ብተመሳሳሊ 2-0፡ ሓርነት ንኢሳቕ ተወልደ መድህን ብፍጹም ቅላዕ 3-2 ሰዒረናኣን። ብደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንሓሊዩ ብፍጹም ቅላዕ 8-7፡ ሰምበል ንኢሳቕ ተወልደ መድህን ብፍጹም ቅላዕ 5-4፡ ባርካ ንደንደን 3-0፡ ልምዓት ንኣስመራ ሓፈሻዊ 1-0 ብዝኾነ ወጽኢት ተዓዊተናለን።

በዚ ድማ፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ኣስመራ ሓፈሻዊ፡ ልምዓት፡ ቀይሕ ባሕርን ሓርነትን ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሰምበል፡ ባርካን ልምዓትን ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን ምህላወን፡ ካብ'ቲ ጨንፈር ዝተረኸበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መንጎ ሸውዓተ ንኡሳን ዞባታት ኣብያተ ትምህርቲ ዝሳላለ ዘሎ ውድድር መጀኢታን ማእከላይ ደረጃታን'ውን ብቀዳም ቀጺሉ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ መጀኢታ ደቂ ኣንስትዮ ዕድመ 10ን 11ን ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ንንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ 3-1፡ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ ንንኡስ ዞባ በረኸ ብፍጹም ቅላዕ 3-1 ሰዒረናኣን። ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ ንንኡስ ዞባ በረኸ 3-0፡ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ንኡስ ዞባ ጋሻ ነፋሒ 2-0 ረቲዐንኦን።

ኣብ ናይ ማእከላይ ደረጃ 12ን13 ደቂ ኣንስትዮ፡ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ንንኡስ ዞባ በረኸ 2-0፡ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ንንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ብፍጹም ቅላዕ 3-1 ኣሰኒፈንኦን። ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ንንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ 4-0፡ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ንንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ብፍጹም ቅላዕ 4-0 ተዓዊተናለን።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ንንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ፡ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ንንኡስ ዞባ ጋሻ ነፋሒ ብተመሳሳሊ 3-1 ኣሰኒፈንኦን። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ንንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ ንኡስ ዞባ ጋሻ ነፋሒ ንንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ብተመሳሳሊ 3-0 ረቲዐንኦን።

በዚ ወጽኢቲ፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዕድመ 10ን 11ን ሰሜናዊ ምብራቕ ምስ በረኸ ንደረጃ፡ ደቡባዊ ምዕራብ ምስ ደቡባዊ ምብራቕ ንዋንጫ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ጋሻ ነፋሒ ምስ በረኸ ንደረጃ፡ ደቡባዊ ምዕራብ ምስ ሰሜናዊ ምዕራብ ንዋንጫ ክጻወታ እየን።

ኣብ ማእከላይ ደረጃ ደቂ ኣንስትዮ ዕድመ 12ን 13ን ድማ፡ ሰሜናዊ ምዕራብ ምስ በረኸ ንደረጃ፡ ደቡባዊ ምብራቕ ምስ ሰሜናዊ ምብራቕ ንዋንጫ፡ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ደቡባዊ ምዕራብ ምስ ሰሜናዊ ምዕራብ ንደረጃ፡ ሰሜናዊ ምብራቕ ምስ ደቡባዊ ምብራቕ ንዋንጫ ክጻወታ እየን።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ጋሻ ነፋሒ ምስ ደቡባዊ ምብራቕ ንደረጃ፡ ሰሜናዊ ምብራቕ ምስ ሰሜናዊ ምዕራብ ንዋንጫ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሰረጀቓ ምስ ሰሜናዊ ምዕራብ ንደረጃ፡ ጋሻ ነፋሒ ምስ ሰሜናዊ ምብራቕ ንዋንጫ ክጋጠማ እየን።

## ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል ተፈጺሙ

25 መጋቢት ዝጀመረ ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል፡ 30 መጋቢት ብቕድድም ብሽክለታ ኣብ ከተማ መንደፈራ ተዛዚሙ።

እዚ ቅነ፡ ካብ 100 ሜትሮ ክሳብ 21 ኪሎሜተር ውድድር ጉያ፡ ከምኡ'ውን ኩሉ ንጥፈታት ሜዳ ዘጠቓለለ ምንባሩ፡ ካብቲ ቦታ ዝጠዙሓና ሓበሬታ የረድኡ።

29 መጋቢት ኣትሌታት ካብ ሓልሓለ ተበጊሶም ኣብ ስታድዮም መንደፈራ ዝወደአ ናይ ፍርቂ ማራቶን ውድድር ኣካይዶም። ኣትሌታት ጋንታ ግሎብ ድማ፡ ኮኾብ ገብሩ፡ ናትናኤል ሃብታይን ናህም ተስፉይን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ብምኧታው፡ ብዑብለሊ ወጽኢት ተዓዊቶም። ኣብቲ ውድድር፡ ጀማሪ ኣትሌት ጋንታ ብሪጎን ኣቤል መሓሪ ብዝርኣዮ ብቕዓት ተናኢዱ።

ብቕድሚ ትማሊ ድማ፡ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ውድድር ብሽክለታ ተሰላሲሉ። ተቐዳዳማይ ዛራ ኤሸን ሮቤል ከኣ፡ ንወዲ ጋንታኡ ሰማር ብርሃነ ተቐዳዳማይ ከለማ ሄኖክ ጎይትኦምን ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ።

ኣብቲ ኩሎም ዕውታት ኣትሌታት ዝተሸለምሉ ዕለት ድማ፡ ግሎብ ብወሃሉል ወጽኢት ክልቲኡ ጾታ ኣብ ኣትሌቲክስ ጉብለል ክትከውን እንከሎ፡ ዛራ ናይ ቅድድም ብሽክለታ ጉብለል ኮይና።



## "ሳካ፡ ድሉው ኣሎ" ዓላሚ ኣርሰናል

ወኸ ተጻዋታይ ኣርሰናል - ቡካዮ ሳካ፡ ብሰሪ መጉዳእቲ ንዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ተኣልዩ ድሕሪ ምጸናሕ፡ ኣብዚ እዋን ንጸወታ ብቑዕ ኮይኑ ምህላዉ፡ ዓላሚ ናይዛ ጋንታ ሚከል ኣርቴታ ሓቢሩ።

ሳካ ኣብቲ 21 ታሕሳስ ዝተኻየደን ንክሪስታል ፓላስ ዝሰዓሩሉን ናይ ሊግ ጸወታ እዩ ኣብ የማናይ እግሩ ናይ ጭዋዳ ጸገም ገይሩ። ብሰንኪ'ዚ ንብዙሓት ተጻወትቲ ዘሸፈ ጸገም ድማ ሳካ መጥባሕቲ ክካየድ ተቐሲቡ። በዚ ከኣ ንዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ተኣልዩ ጸኒሑ።

ኣብዚ እዋን ግን፡ እዚ ናይ የማን ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ንጸወታ ድሉው ኣሎ - ብማሰረት መግለጺ ኣሰልጣኒኡ።

ኣርቴታ፡ "ሳካ ክጸወት ድሉው ኣሎ። ኩሉ ብጥንቃቐ መገዲ ተዓሚሙ ኣሎ። ኣብ ግዜኡ ናብ ሜዳ ክልኣኽ እዩ። ንሱ ግን ናብ ሜዳ ክምለስ ህንጡይ እዩ ዘሎ። ንሱ ዝፈለየ ጸጋ እዩ፡ ኣብዛ ጋንታ ዘለዎ ጽልዋን ኣገዳስነትን ሜዘረ ክንደይ ምኳኑ ንፈልጦ ኢና" ኢሉ።

ሳካ ክሳብ'ታ ብመጉዳእቲ ዝተኣለየላ ዕለት፡ ኣብ ኩሉ ውድድር ኣብ 24 ግጥማት ክሰልፍ እንከሎ፡ ትሸዓተ ሸቶታትን 10 ቀረባትን ገይሩ። ዝያዳ ጸላዊ ተጻዋታይ እዛ ጋንታ ምኳኑ ዝእመነሉ ሳካ ኣብ ዝጠፍኣሉ ኣዋርሕ ጋንታኡ ከምዝተገደሰት ይትንተን። ኣብዚ ወኸ እዋን ምምላሱ ግን፡ ዓቢ እፎይታ እዩ።

ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ንምዕታር ምስ ሊቨርፑል ኣብ ቃልሲ ዘላ ኣርሰናል፡ ሎሚ ምሸት ንፉልሃም ዓዲማ ናይ ሊግ ጸወታኣ ክተሰላስል እያ። ወላ'ኳ ምስ መራሒት ዘላ ሊቨርፑል ናይ 12 ነጥቢ ፍልልይ ይሃልዋ፡ ግና ተኽእሎ ዓወታ ብዘይምጽንቃቑ ምልሶት ሳካ ፍናን ክኸና እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ቻምፕዮንስ ሊግ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ኣንጻር ዓርሞሽሽ እሾኛዊት ክለብ ሪያል ማድሪድ በጺሕዋ ምህላዉ ይፍለጥ። ኣብቲ ዝኸበደ ጸወታኣ ናይዚ ወቕቲ ድማ ህላወ ሳካ ምሕር የገድሳ እዩ - ብፍላይ ቀልጢፉ ናብ ብቕዓት እንተተመለሰ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣርቴታ፡ መጉዳእቲ ናይ ክንፊ ተኸላኻሊኦም - ራርዶ ካላፊዮሪ፡ ካብቲ ዝተገመቶ ዝበኣሰ ክኸውን ከምዝኸእል ገሊጹ።

እዚ ኢጣልያዊ፡ ኣብቲ 20 መጋቢት ኣንጻር ጀርመን ዝተዓዶዎ ኣህጉራዊ ጸወታ እዩ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ ገጢምዎ። ንገለ ሳምንቲ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ከምዝኽእል እኳ እንተተገልጸ፡ ዛጊት ክሳብ መዓስ ካብ ጸወታ ከምዝእለ ብንጹር ኣይተፈልጠን።



## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ዎልቭስ - ዌስት ሃም 9:45 ድ.ቀ

ኣርሰናል - ፋልሃም 9:45 ድ.ቀ (ቻነል 2)

ኖቲንግሃም - ማን ዩናይትድ 10:00 ድ.ቀ

**ኮፓ ደል ረይ**

ሪያል ማድሪድ - ሪያል ሶሴዳድ 10:30 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

ሳውዝሃምፕተን - ክሪስታል ፓላስ 9:45 ድ.ቀ

ቦርንማውዝ - ኢፕስዊች 9:45 ድ.ቀ

ብራይተን - ኣስቶን ቪላ 9:45 ድ.ቀ

ኒውካስል - ብረንትፎርድ 9:45 ድ.ቀ

ማን ሲቲ - ሌስተር ሲቲ 9:45 ድ.ቀ

ሊቨርፑል - ኤቨርተን 10:00 ድ.ቀ (ቻነል-2)

**ኮፓ ደል ረይ**

ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ባርሴሎና 10:30 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኢራን፡ ምስ ኣመሪካ ኣብ ኑክሌሳዊ ጉዳይ ትዘራረብ

ፕረዚደንት ኢራን መስዑድ ፔዝክሽያን፡ ሃገሩ ንኑክሌሳዊ መደብታ ብዝምልከት ምስ ኣመሪካ ቀጥታዊ ዝርርብ ከምዘይተካየድ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ንካቢነ ሚኒስተራት ሃገሩ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣቐዲሙ ኣብ ዘስመዖ መግለጺ፡ ኢራን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ብጉዳይ ኑክሌሳዊ መደብታ ዝርርብ ከተካይድ ድልውቲ ምስ ዘይትኸውን፡ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ከምዝወስድ ምጥንቃቑ ዝፍለጥ'ዩ።

ብሸነኺ ተጻባኢ ተግባራት ኣመሪካ፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ተፈጢሩ ዘሎ ዘይምትእምማን ናብ ንቡር ምስ ዝምለስ ጥራይ እዩ ዝርርብ ክምዘካየድ ዝሓበረ ፕረዚደንት ፔዝሽኪያን፡ ንዘይቀጥታዊ ዝርርብ ግን ኢራን ማዕጾኣ ክፉት ምዃኑ ኣረዲኡ።





ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ብወገኑ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኢራን ብጉዳይ ኑክሌሳዊ መደብታ ኣብ ሓዲሽ ስምምዕ ንኽትበጽሕ ዝተገብረ ዘሎ ዲፕሎማሲያዊ ጻዕርታት ምስ ዘይዕወት፡ ኣብ ልዕሊኣ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ከምዝወሰድ'ዩ ዘጠንቀቐ።

ኣመሪካ፡ ካብቲ ኣብ 2015 ዝተበጽሐ ንኑክሌሳዊ መደብት ኢራን ዝምልከት ኣህጉራዊ ስምምዕ ድሕሪ ምውጻኣ፡ ዲፕሎማሲያውን ወተሃደራውን ወጥሪ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ሓዲሽ ደረጃ በጺሑ ምህላዉ'ዩ ዝሕበር።

## ደ/ኮርያ፡ ቻይናን ጃፓንን ሓባራዊ ንግዲ ክገብራ ተሰማሚዐን

ደቡብ ኮርያን፡ ቻይናን ጃፓንን፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ንፈለማ ግዜ ኣብ ቁጠባዊ መዳይ ዘተኮረ ዝርርብ ዝሓለፈ ሰንበት ኣካዪደን።

ዕላማ ናይ'ቲ ኣብ ከተማ ሰውል ዝተኻየደ ዘተ፡ ኑቲ ምምሕዳር ትራምፕ ተግባራዊ ገይሩዎ ዘሎ ናይ ታሪፍ ወሰኽ ኣብ ልዕሊ ፍርያት እዘን ሃገራት ንምምኳት ዘኽእል ዞባዊ ንግዲ ንምስላጥ ምዃኑ ገሊጸን።

ሰለስቲአን ሃገራት፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ናጻ ንግዲ ብሓባር ተሻሪኽን ከምዝሰርሓ'ውን ሚኒስተራተን ገሊጾም ኣለዉ።

ሰለስቲአን ሃገራት፡ ትራምፕ ንቀረጽ ኣመልኪቱ ድሕሪ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ህጹጽ ርክብ ክካየዳ ከምዝተገደዳ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

እዘን ሰለስተ ሃገራት፡ ብጉዳይ ባሕርን ካልእን ኣብ መንጎአን ዘይምስናይ እንከሎ፡ ቀንዲ ንግዳውያን መሻርኽቲ ኣመሪካ ኩይነን ከምዝጸንሓ ይሕበር።




ምምሕዳር ትራምፕ፡ ካብ ወጻኢ ናብ ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት 25 ሚእታዊት ወሰኽ ቀረጽ ከምዝገበረ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እዚ ድማ ንገለ ንግዳውያን ትካላት ብፍላይ ከኣ ኣብ መፍረ ተሽከርከርቲ ንዝተጥፉን ፍርያተን ናብ ኣመሪካ ንዝልኣካን ሃገራት ሃሳዪ ምዃኑ ይግለጽ።

መክሰክ፡ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን እተን ብቐደም-ተኸተል ናብ ኣመሪካ ብዝበዝሒ ተሽከርከርቲ ዝልእካ ሃገራት እየን።

ጃፓን፡ ቻይናን ደ/ኮርያን ዝቕጽል ርክበን ኣብ ከተማ ቶክዮ ክኸውን ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

## ምያንማር - ቁጽሪ ግዳያት ምንቅጥቃጥ 1700 በጺሑ

ብሸነኺ እቲ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ሚያንማር ዘጋጠመ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ብውሕዱ 1,700 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ልዕሊ 3,400 ሰባት ድማ ጉድኣት በጺሑዎም ከምዘሎ ወትሃደራዊ መራሕቲ እታ ሃገር ሓቢሮም።

ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ ሰራሕተኛታት ምድሓን ህይወት ሚያንማር፡ ብፍርስራስ ህንጻታት ተጸቒጦም ንዝርከቡ ግዳያት ንምርካብ ገና ጻዕርታቶም ይቕጽሉዎ ኣለዉ።

እንተኾነ፡ ክሳብ ሕጂ ድማ ኣስታት 140 ሰባት ሃለዋቶም ኣይተፈልጠን ዘሎ።

ዓቐን ናይ'ቲ ክልተ ሳዕ ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ 7.7 ከምኡ ድማ 6.4 ሬክተር ምንባሩ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብፍላይ ኣብ ዓባይ ከተማ ማንዳላይ ከቢድ ጉድኣት ኣውሪዱ ከምዘሎን ክሳብ ጉረባብቲ ሃገራት ቻይናን ታይላንድን ከምእተሰምዐን'ዩ ዝግለጽ።

ብፍላይ ኣብ ታይላንድ ድማ ሰፊሕ ዕንወት ኣውሪዱ ምህላዉ፡ ሰብመዚ'ታ ሃገር የረድኡ።

እቲ ምንቅጥቃጥ፡ ኣብ ካልእ ከባቢታት ናይቲ ዞባ ከይተረፈ ከምዝተሰምዐ'ውን ጸብጻባት ይሕብሩ ኣለዉ።

ብሸነኺ እቲ ባህርያዊ ሓደጋ ናብ ግዳያት ረድኤት ንምብጻሕ ኣጺጋሚ ኩነት ከምዘሎ ወዱብ ሕቡራት ሃገራት ሓቢሩ።

ወኪል ሕቡራት ሃገራት ኣብታ ሃገር ማርከሉይጂ ኮርሲ፡ ከባቢ 20 ሚልዮን ዝኾውን ህዝቢ በቲ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ተጻዪኡ ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጹ።




ማዕከን ዜና ቢቢሲ ብወገኑ፡ ዝበዝሑ ኣብ ከተማታት ምያንማር ዝርከቡ ህንጻታት ንምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣብ ግምት ኣእቲየም ዝተሃንጹ ስለዘይኮኑ፤ ዓቢ ዕንወት ክወርዶም ዘሎ ተኽእሎታት ልዑል ከምዝነበረ ኣመልኪቱ።

ካብ ምያንማር ብዕቤታ ካልኣይቲ እትስርዕ ከተማ ማንዳለይ፡ ኣብ ጥቓ'ቲ ቀንዲ ምንቅጥቃጥ-ምድሪ ዘጋጠመሉ ቦታ እያ ትርከብ።

ኣብታ ከተማ ዝርከብ ህንጻታት ቤተ-መንግስቲ በቲ ሓደጋ ዝያዳ ከምዝተሃሰየ ከኣ ኣሶሽየትድ ፕረስ ይገልጽ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዞባ ሳጋይንግ - ካብ ማንዳላይ ንደቡባዊ ምዕራብ ቀሩብ ርሒቑ ዝርከብ ዞባ፡ 90 ዓመታት ዝገልገለ ድልድል ፈሪሱ ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ ንማንዳላይ ምስታ ቀንዲ ከተማ ያንጎን ዘራኽብ ጽርግያ'ውን ዕንወት ወሪዱዎ ኣሎ።

ኣብ ምያንማር፡ ካብ 1930 ክሳብ 1956፡ ሽዱሽተ ግዜ 7.0 ዝዓቐኑ ሓያል ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከም ዘጋጠሙ ጸብጻባት የመልክቱ።

ታይላንድ ኣብቲ ምንቅጥቃጥ-ምድሪ ዝርኣየሉ ዞባ እኳ እንተዘየላ፡ ዳርጋ ኩሉ'ቲ ዘርኣኸበቶ ምንቅጥቃጥ-ምድሪ ግን ኣብ ጎረቤታ ምያንማር ዘጋጥም እዩ።

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ታይላንድ ፓይቶንግታርን ሺናዋትራ፡ ጽልዋ ናይ'ቲ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ንምግምጋም ህጹጽ ኣኼባ ጸዊዓ ኣላ።

## ግሪንላንድ፡ ንጠለብ ትራምፕ ትነጽግ

ሓዲሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ግሪንላንድ ጀንስ ፍረደሪክ ኔልሰን፡ ኒታ ኣብ ዞባ ኣርክቲክ እትርከብ ደሴት ንኣመሪካ ኣሕሊፉ ከምዘይህብ ኣፍሊጡ።

ኔልሰን ዝ.ዝፍለጠ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ኒታ ደሴት ኣካል ግዝኣት ኣመሪካ ንምግባር ዘለዎ ድሌት ደጊሙ ድሕሪ ምግላጹ እዩ።


"ፕረዚደት ትራምፕ ንግሪንላንድ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከእትዋ ከምዝኽእል እዩ ገሊጹ። ኣነ ግና ኣረጋጊጸ ክዛረቡም - ኣመሪካ ፈጺማ ኣይክትረኽበን እያ። ንሕና ንዝኾነ ኣካል እንሽየጥ ኣቕሓ ኣይኮንናን። መጻኢና ባዕልና ኢና ንወስኖ" ክብል ድማ ኣብ ናይ ፈስቡክ ወግዓዊ ኣድራሻኡ ገሊጹ።

ትራምፕ ንኩነታት ግሪንላንድ ኣመልኪቱ ምስ ማዕከን ዜና ኤን.ቢ.ሲ. ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ "ንግሪንላንድ ብርግጽ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና ከእትዋ ኢና" ኢሉ ከምዝዛረበ ይፍለጥ።

ምክትል ፕረሲደንት ኣመሪካ ጀይዲ ቫንስ ኣብ ግሪንላንድ ኣብ ዝርከብ ወትሃደራዊ መዓስከር ኣመሪካ ድሕሪ ምብጻሑ፡ ደንማርክ ኒታ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ ዘለዋ ደሴት ግሪንላንድን ብዞዮጺ ክትከላኸለላ ከምዘይከኣለት ድሕሪ ምውቃሱ፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዘጸንሐ ወጥሪ ናብ ዝለዓለ ደረጃኡ ዓሪጉ ምህላዉ ይሕበር።

ቫንስ፡ ኣመሪካ ኒታ ልዑል ጂኦ-ፖለቲካዊ ኣገዳስነት ዘለዋ ደሴት ዝያዳ ውሕስነት ክትህብ ከምትኽእል እዩ ገሊጹ ዘሎ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ደንማርክ ላርስ ሎካ ራስሙሰን ግና፡ "ምስ ቀንዲ መሻርኽትና ዝኾኑት ኣመሪካ ከምዚ ኢልካ ክትተዛለኽ ግቡእ ኣይኮነን" ድሕሪ ምባል፡ ደንማርክ ምስ ኣመሪካ ዘለዋ ዝምድና ከተመሓይሽ ዘለዎ ድሌት ገሊጹ።



## ጸሓፊ ምክልኻል ኣመሪካ ናብ ጃፓን ይበጽሕ

ዝሓለፈ ሰሙን ከተማ ቶክዮ ዝኣተወ ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ፔት ሄግሰት፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ሺገሩ ኢሺባ ኣብ ዘካየዶ ዝርርብ፡ ወተሃደራዊ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክብ ንምባል ኣብ ምርድዳእ በጺሖም።

ፔት ሄግሰት ድሕሪ'ቲ ርክብ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ምስ ጃፓን ዘለዋ ወተሃደራውን ጸጥታውን ዝምድናታት ከተደንፍዮ ምዃና ብምግላጽ፡ ኣብ ዞባ ኢንዶ-ፓስፊክ ሰላምን ጸጥታን ንምርግጋጽን ስጉኣት ቻይና ንምምካትን ከምትሰርሕ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ጃፓን እምቢኩርናዕ ሰላምን ድሕነትን ኢንዶ-ፓስፊክ ከምዝኾነት ዝጠቐሰ ፔት ሄግሰት፡ ሃገሩ ብቐረባ ምስ ጃፓን ክትሰርሕ ድሉውቲ ምህላዋ'ውን ኣብቲ ርክብ ኣጺኢሩ።

ኣመሪካ፡ ኣብ ጃፓን ንዘሎ ወተሃደራዊ መዓስከራታ ከተስፍሖ ምዃናን ዘመናዊ ሚሳይላት ከተዋድደሉ መደብ ከምዘለዋን ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ምሕባራ ይዝከር።

ኣመሪካ ኣብ መሬት ጃፓን ደኲናቶ ኣብ ዘላ ልዕሊ 10 ወተሃደራዊ መደበራት፡ ብጠቕላላ ልዕሊ 50 ሽሕ ወትሃደራት ኣዋፊራ ከምዘላ ዝፍለጥ እዩ።

ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ፒት ሄግሰት፡ ብ28 መጋቢት'ውን ኣብ ፊሊፒንስ ተመሳሳሊ ምብጻሕ ከምዝፈጸመ ይዝከር።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኤደን | 01/04/2025 | ከባቢ ዩንቨርስቲ ጥቓ ባር ሊድያ | 110750 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565